
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.270 | ረቡዕ 12 ሓምለ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ደንማርክ - ‘ክሊማ ንምቁጽጻር’ ዝቐረበ ርእይቶን ተቓውሞን. . .






ገጽ 3
ካብ ባህርያት ዕዉታት ደቂ-ኣንስትዮ





ገጽ 4
ስርዓት-ማያዊ ከባቢ ባሕሪ/ ውቅያኖስ



ገጽ 5
ሓጐስን ሕጉሳትን





ገጽ 7
ቅነ ስፖርት ሓይሊ ኣየር ፈሊሙ




# ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ጀርመን ብልዑል ድምቀት ተኻይዱ

ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ጀርመን ብ8ን 9ን ሓምለ ኣብ ከተማ ጊሰን ብልዑል ድምቀት ተኻይዱ።

ዚ ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት ጀርመንን ጉረባብቲ ሃገራትን ዝመጹ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ካብ ኤርትራ ዝኸዱ ኣመሓየርቲ ዞባታት ድምቀት ከምዝወሰኽሉ፡ ካብ’ቲ ቦታ ዝጸሓፍ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገር፡ ኣብ መደባት ልምዓትን ኣበርክቶ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታትን - ብርእይቶን ሕቶን ተሳቲፍቲ ዝተበገሰ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

መደብ ጀርመናውያን መሓዙት ኤርትራን ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ትምህርቶም ናይ ዝዛዘሙ ኤርትራውያን መንእሰያትን እውን ኣካል ናይ’ቲ ፈስቲቫል ነይሩ።

ናይ ለሚ ዓመት ፈስቲቫል፡ ንመንእሰያት ማእከል ዝገበረ መደባት፡ ስእላዊ ምርኢት፡ መደባት ቁልዑ፡ ባህላዊ ማሰናድኦታት፡ ከምኡ’ውን ምኽፋል ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ ኤርትራ ምስ መሓዙት - ዘጠቓልል ትሕዝቶ ነይሩዎ።




# ኤርትራውያን ነበርቲ ኒውዚላንድን ኣውስትራልያን 33,668 ዶላር ወፍዮም

ኤርትራውያን ነበርቲ ኒውዚላንድን ኣውስትራልያን ንመሰነ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት - 19,433 ዶላር ኒውዚላንድን 14,235 ዶላር ኣውስትራልያን ወፍዮም።

እቶም ዜጋታት ብዘውሃቡ፡ ን37 ስድራ-ስውኣት ክምውሉ እንከለው፡ 58 ስድራቤታት ስውኣት ንምንባይ ቃል ከምዝኣተዉ፡ ካብ ኤምባሲ ኤርትራ ዝጸሓፍ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኒውዚላንድ ነበርቲ ከተማታት ኦክላንድ፡ ወሊንግተንን ክራይስትቸርችን ሸውዓተ ስድራ-ስውኣት ንኽልተ ዓመት ንምምዋል ብጠቕላላ 10,500 ዶላር ከበርክቱ እንከለው፡ ንዘመጽእ ዓመት 22 ስድራ ስውኣት ንምምዋል መብጽዓ ኣትዮም።

ነበርቲ ከተማ ወሊንግተን ብዘውሃቡ፡ 8,933 ዶላር ኣታዊ ገይሮም።

ኣብ ኣውስትራልያ ድማ፡ ነበርቲ ከተማ ብሪዝበን 3,855 ዶላር ከበርክቱ እንከለው፡ 36 ስድራ-ስውኣት ክምውሉ ተመብጺዖም።

ኣብ ከተማ ኣደላይድ እውን፡ 10,380 ዶላር ኣውስትራልያ ኣበርኪቶም።

# ኣባላት ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ 193 ከረጺት ደም ለጊሶም

ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን፡ ኣባላት ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ 193 ከረጺት ደም ለጊሶም።

በዚ መሰረት፡ ኣባላት ክፍልታት ሜካ.74 ዓሰብ-ጎልጎል 113 ከረጺት፣ ክፍልታት ሜካ.74 ትራክሲ 60 ከረጺት ደም ክልግሱ እንከለው፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ማሕበራዊ ስራሕ ፍልጠት ናቕፋ 21ን 24ን ዘርያ ጋንታ ገርሰት ዝበሩ ደማ - 20 ከረጺት ደም ለጊሶም።



ካብ ኣወሃሃድቲ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ማሕበራዊ ስራሕ ፍልጠት ናቕፋ 21ን 24ን ዘርያ ኣቶ ጉብረትንሳኤ ጥርያጋብር፡ እቲ ዝወሰድዎ ተበግሶ - ኣካል ናይ’ቲ ከም ካድራት ዝካየድዎ ንጥፈታት ምዃኑ ብምሕባር፡ ዋላ’ኳ ቡበውልቂ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝልግሱ እንተኾኑ፡ ብደረጃ ጥርናፈ ሕጂ ንኻልኣይ ግዜኦም ምዃኑ ገሊጹ።

ኣባላት ወገናም፡ ልግሲ ደም ብዙሓት ደም ሂወት ወጺዖት ወገናት ተድሕን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኩነታት ጥዕናኻ እውን ትፈልጠሉ ብምዃኑ፡ ዓቢ ረብሓ ከምዘለዎ ገሊጾም።

# ፈስቲቫል ስጡም መሰረት

ዘለናዮ ወርሓት፡ ወትሩ ዕውት ስጡም ኤርትራዊ መሰረት! ቡበኸባቢኡ ኣብ ዓመታዊ ንግደት ሃገራዊ ፈስቲቫል ተኣኻኺቡ፡ ላዛ ሃገራዊ ባህሉን ጥዕሚ ማሕበራዊ ስራሕኩን ዘስተማቕረሉ ወቕቲ ፍስሃ ወ ሰላም እዩ።

ድምቀት ሃገራዊን ህዝባዊን በዓላትና፡ ብዛዕባ ኤርትራን ህዝባን ዘጉልሑዎ ሓቂ ኣሎ። ኤርትራ ኣጸደ ስራትን ፍቕሪን፡ ህዝባ ድማ ኣብ ዝዀነ ይኹን ኣብ ጽላል ሓደነት ብሓደ ህርመትን ቅኒትን ዝምዕብል ብዕዙዝ ስታፊኡ ሃገራዊ ጉዳያቱን ውራያቱን ዘማዕርግ፡ ፍትሓዊ መኸተኡ ሰሚሩ ዘዐውት፡ ጭዋን ንቑሕን ህዝቢ ምዃኑ’ዩ ዘመስክሩ።

በዚ ምኽንያት፡ ሃገራዊ ፍቕሪን ስራትን ኤርትራውያን ንደሊይቲ ሰላምን ፍትሒን እምብዛ መሳጢን ቅዱሳትን’ዮ ዝፈጥር’ዩ። ብኣንጻሩ ኑቶም ኤርትራዊ መንነት ከይጎልሕ እምበር መጠን ሃሊኾም ዝተሰዘ፡ ምሕር ኣርዑዲን ኣጨናቒን’ዩ። ተጻባኢቲ ኤርትራ፡ ብዙሕ ግዜ ንሃገራዊ በዓላትናን ምትእኽኻብናን ዒላማ ዝገብሩሉ ምኽንያት፡ ምስጢር ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ባህሉን ክብርታቱን ምዃኑ ስለዝተገንዘቡ እዩ። ሓላሊፍና ከምእንዕዘቦ፡ ‘ምስ ኤርትራውያን ዝዋሰኦ ወይ ላህጃ ኤርትራውያን ይመልኽዖ’ ዝተባህለ ደላዪ ትኻቦ ሃሰው እናበልካ፡ ያኢ ናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ ናብ ፈደረሽን እንትተመልሰ ብምሕላም ጥንዴራ ቐደም ኣሒንጊጥካ፣ ንኸም ፈስቲቫል ዝኣመሰለ ቅንያት ባህታን ፍስሃን ናይ ምዝራግ ምህሙን ሃቀ፣ ድርኺቱ ምኽላዕ ኤርትራዊ መንነት ዝፈጥሮ ዘሎ ጅራቑን ዝርጋት መግንጢን’ዩ። የግዳስ፡ ኣብ ዓውደ-ኩናት ዝተቐብጸ ዓወት፡ ኣብ ምድሪ ኤውሮጳ ብምንግራጋር ክርከብ ኣይሕሰብን። ምስ ፖሊስ ኤውሮጳ ተዳፊርካ፡ ብሓየት ሰራዊት ኤርትራ ዝተኻዕወ ሓሞት ምሕፋሱ ኣይከኣልን። ኩሉ ከንቱ’ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ብልቢ ንዱሓን ብዙሕ ግዜ ንሞት ተፈሪዱ’ዩ። እንተኾነ፡ ከይህሉ ዝጸዓቱ በቡተራ ሰኣል ክወርዱ እናተዓዘበ፡ ተዀርዒም እናጸገበ፡ ወትሩ ኣብ ጎደና ዓወት ሸንኑ ምስ በለ’ዩ። ናይ ርሑቕ ዛንታ ገዲፍና፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ምስ ባህልን ክብርታትን ህዝቢ ኤርትራ ተራጺሙ ዝበርዓን ተጻብኦታት እልቢ የብሉን። ዝዓበየ ካብኡ፡ ውልዶን ትሰፍውቲን ሃገር ብኣጋ ንምቑጻይ ኣብ 1998 ዝተሃቀነ ቅሉዕ ወራር’ዩ። ብሰውኡ፡ ሓይሊ ምስ ተሓለለም ከኣ፡ ብዓረርን ሓዊን ዘይተጻዕደ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብድኽነትን ቁጠባዊ ሕሰምን ተሸጊሩ ‘ሰዩም’ ንኽብል ካብ ዓበይቲ ልምዓታዊ ወፍርታት ምዕንቃጽ ጀሚርካ ክሳብ ኣብ ወጻኢ ሃገር ርሃጹ ዝዕርር ዜጋ ዝሕውሎ ገዝዘብ ንምሕናቕ፣ ብዘይወደኑ መርገብ ፍልሰት፡ ሃገር ሰብ ንምብዓም፣ ዲፕሎማሲያዊ ተሪጸሎ ንምስጉዳድ፣ ምስሊ ናይዚ ምእንቲ ሰብኣዊ መሰሉ ረዚን መስዋእቲ ዝኸፈለ ሕፉር ህዝቢ ንምስያጥ፡ ዘይኣለም ጸዲሮም።

የግዳስ ተጻብኦታቶም ምስናይ ጸዕቂን ርቀቶን ኒሕን ንያትን ህዝቢ ኤርትራ ክሰዓብ ኣይተኻእሎን። ምኽንያቱ ብዘየሳ ዓይነት ከርከብ ከይተሃወጸ፡ ብበሪኽ ንቕሓት፡ ብጽንዓት ኣብ ሓደ ሃገራዊ ዕላማ ሰሚርካ ኣብ ፍናተ ዓወት ምምራሽ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነዊሕ ቃልሱ ዝተሞኩረሉን ዝመለኾን ጉዕዞ’ዩ።

ዘሎ፡ብን ታሪኽና እምበኣር፡ ኑቲ ክቡር ሃገራዊ ጸጋና፡ ማሕበራዊ ስራትን ወሀደትን ዝያዳ ከስስናን ከም ብሌን ዓይንና ክንሕልዎን ዘየሓኽሪና እዩ። ኣብ ቃልሲ ናጽነት ዝተወልደ ባህላዊ ንጥፈት ፈስቲቫል ኤርትራ ከኣ፡ መግለጺ ዘቐንእ ሃገራዊ ፍቕርናን ጥምረትናን ኮይኑ፡ ጽባቐ ብዙሕነት ዝሰረቱ ባህልናን ስራት ዝሕላገዩ ታሪኽናን ኣፍቢሪናን እህጉልሓሉ፣ ጉዳያምን ሓደኝነን ወለዶ ኣብ ሓደ ቅርዓት ብምርኻብ ታሪኽን ክብርታትን ኣሲጋግረሉ፡ ብሉጽ ትውፊት ዝሰረቱ ሃገራዊ ባህሊ እዕንብብሉ ብምዃኑ፡ መኽሰቡ ዓቢ እዩ።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ዴንማርክ - 'ክሊማ ንምቍጽጻር' ዝቐረበ ርእይቶን ተቓውሞን. . .

ኣብ'ዚ ቅንያት እዚ፡ ኣብ ጥሙር መንግስቲ ፊንላንድ ናይ ሚኒስተርነት ስልጣን ሒዙ ዘሎ ኣባል የማናዊ ሰልፊ'ታ ሃገር ዝኾነ በዓል-መዚ፡ ብዛዕባ ክሊማ ንምቍጽጻር ዘቕረቦ ርእይቶ፡ ኣብታ ሃገር ፖለቲካዊ ምስሕሓብ ከምዝፈጠረ ብማዕከናት ዜና ክቃላሕ ቀንዩ። ብሰንኪ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዝተላዕለ ክትዕ ድማ፡ እቲ በዓል ስልጣን ካብ ሓላፍነቱ ክወርድ ተገዲዱ።

እቲ ፊንላንዳዊ በዓል-ስልጣን፡ ምቅይያር ክሊማ ዓለም ንምቍጽጻር - ኣብ ኣፍሪቃ ምንጻል ጥንሲ ክተባባዕ ከምዝለዎ - ሃገሩ ድማ ኣብ'ዚ ንምትግባር ክትጽዕር ከምዝኾነቶ - ዝትሕዝቶኡ መደረ እዩ ኣቕሪቡ። ክሊማ ንምቍጽጻር - ብርሰት ህዝቢ ክቕየድ።

እዚ ለበዋ'ዚ እምበኣር፡ ካብ ሓያሎ ሸነኻት ተቓውሞ ኣለዓዒሉ። ፊንላንድ፡ ነቲ ኣብ ኣፍሪቃ ክቕየድ ኣለዎ ዝበሎ 'ክሊማዊ ምንጻል ጥንሲ' ብሕድሪ ተሸኪማ ምስ እተተግብሮ፡ ንህዝቢ ዓለም ዓቢ ዝኾነ ከምዝገብረሉ እዩ እቲ ሚኒስተር ቁጠባዊ ጉዳያት ኣረዲኡ። ክፋል ህዝቢ ዓለም ኣጸኒትካ ንኽፋል ህዝቢ ዓለም ከተርብሕ ይክኣል ድዩ. . .? ዘርርም መጕት እዩ።

ኣብ ፖለቲካዊ ሃዋህው ፊንላንድ ዝፈጠሮ ናይ ተቓውሞ ስምዒት፡ ብኽልተ ሸነኽ ክትርጎም ይክኣል። ብሓደ ሸነኽ ናይቲ ሚኒስተር ፖለቲካዊ ፍልስፍና፡ ግጉይን ዘይስብኣውን ዓሌታውን ርእይቶ ምዃኑ ዝኣምኑ ወገናት ኣለዉ። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ብዓውታ ጋህተፍተፍ ብምባሉ ስም ሃገር ኣጽሪፉ ዝበሉን - ቡቲ ርእይቶ ዝሓፈሩን ወገናት፡ ካብ ዝዀነዎ ርእይቶ ምምዕዋት ይክኣል። ኣብ ባይቶ ብዘተጻወዐ ናይ መተኣማመኒ ድምጺ ግን፡ ከም ኣባል ባይቶ ክቕጽል ብዝበዝሐ ድምጺ ከም እተደገፈ ተፈሊጡ ኣሎ።

እዚ ኩነት'ቲ፡ እቲ ሚኒስተር ዝሃቦ ርእይቶ ንውልቁ ዝውክል ስለዝኾነ፡ ብዝወረዶ ብዝሒ ተቓውሞን ጸቕጥን ብፍታዉ ካብ መዝነት ክወርድ ተገዲዱ ኣሎ። ኣብ ርእይቶ ናይ'ቲ ውልቀሰብ ሸንኮለል እናበልካ ምትንታን ዝከኣል እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ምንጪ እቲ ሓሳብ ኣተኩሮ ንዘዙበር ወገን፡ ንድሕሪት ሓያሎ ዓመታት ክትጓዓዝ ዝድርኽ እዩ።

ሎምዘበን ኤውሮጳውያን ማዕከናት ዜና ካብ ዝዘርግሕዎም ዕላላት ምስ እንርኢ፡ እውን፡ ንሓያሎ ወለዶ ፈኺፎም እናበለ ክዝረድ ዝጸንሐ 'ዩጀኒክስ' ዝተባህለ ሕክምናዊ ወፍሪ የዘኻኽረና። "ንረ-ቡላ ጸብለልታ ሓደ ዓሌት፡ ካልእ ዝተገደበ ዓሌት ምጽልጻል" ተባሂሉ ክትርጎም ዝከኣል ሜላ እዩ'ዚ። ንሓልዮት ሓደ ወገን ተባሂሉ ካልእ ወገን ክበርስ ዝግበር ማስርሕ ክንብሎ እውን ንኽእል።


ከም'ቲ ኣብ ግዜ ውግእ ዝግበር ሓድሕዳዊ ምጥፍፋእ ዘይኮነስ፡ ኣብ 'ዩጀኒክስ' እቲ ጉዳይ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የብሉን። እዚ ብሳይንሳዊ ኣገባብ ዝቕየድ ሕክምናዊ ማስርሕ ከም ምዃኑ፡ እቲ ጉዳይ ከይፈለጠ ወይ ሓበሬታ ከይተዋህቦ እዩ ዝቕየድ።

ኣጀማምራ 'ዩጀኒክስ' ንምፍላጥ፡ ካብ'ዚ መዋእል እዚ ጀሚሩ ኣልካ ናይ ግዜ ወሰን ምሕንጻጽ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓያሎ ዓመታት ንድሕሪት ተጓዒዝና ቅድሚ ምድህሳስና ግን፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብ ኤውሮጳ ክቕየድ ዝጸንሐ ዩጀኒክስ ምዝካር ይኣክል እዩ። ኣብ ዓባይ ደሴት ግሪንላንድ ዝነብሩ 'ኢንዊት' ዝተባህሉ - ካብቶም 'ጸዓዱ' እንብሎም ኤውሮጳውያን ብመልክዕ ፍልይ ዝበሉ፡ ሕብሮም ወጹእ ጸዕዳ ዘይኮነ ዓሌት ኣለዉ። ነታ ገዛፍ ግሪን ላንድ ንኣሽሓት ዓመታት ተኸናኺኖም ዝዐቀብዋ፡ ናብራኦም ጥራይ ዝነብሩ ሰላማውያን ገፈፍቲ ዓሳ እዮም። ከም ብዝሒ ህዝቢ ኸኣ ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። ናይ'ታ ደሴት ኣመሓዳሪት ካብ ዝኾነት 'ዴንማርክ' ኣብ ልዕሊ እቲ ውሑድ ህዝቢ 'ዩጀኒክስ' ይካየድ ምንባሩ እምበኣር፡ ካብ ቀረባ ግዜ ጀሚሩ ክቃላሕ ይስማዕ ኣሎ።

ኣብ'ቲ እዋን ዝመሃሩ ህጻናት፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ደቂ 60ታት ኰይኖም ዝወረደን ጋዶ ይዛረባ ኣለዋ። ኣብታ ደሴት ካብ ዝነብራ ብዝሒ ደቂ-ኣንስትዮ ፍርቀን ወይ እተን 4500 ዝኾና፡ ማህጸነን ብጥላጎ ተኣሲሩ ከምዝመኸና ሕጂ ዝወጽኡ ዘለዉ ሓበሬታታት የረድኡ። ነቲ ስጉምቲ ኣብ 60ታትን 70ታትን ክወስዱ ዝተበገሱ ዴንማርካውያን ሓካይም፡ መንን እንታይን ከም ዝደረኾም - መጽናዕቲ ምስ ተጻፈፈ ክግለጽ ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ።

ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ህጻናት ተመሃሮ፡ ብዘይ ፍቓድ ወለዲ ናብ ሆስፒታላት ብምውሳድ - ማህጸን ሻምብቆ ማህጸን ብዝኣስር ሽቦ ይቕልፍዎ (IUD) ነይሮም። እቲ ኣቕንዛዊ ማስርሕ ሕክምና፡ ሃንደበታዊ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ብሰንኪ ፍርሒን ሰንባደን ንወለደን ከይነገራ ብሽቕታ ይሓልፋኦ ምንባረን እውን ይገልጻ። ወዲ-ተባዕታይ ዘይፈልጣ ናእሽቱ ብዙሓ እቲ ዝተኻየደ ሕክምናዊ ማስርሕ ምስ ወላዲ ከተዕልላሉ ዝከኣል ደዩ ኣይከኑን ዘይርድኣ እየን ነይረን። ብኣውራኡ ኣብ ልዕሊ ወለዲ ዝፈጥሮ ሰንባደን ሰቓይን ከይራኣ ብምስጋእ፡ እናተቐዝዘዋ ክጽመማ ይመርጻ ነይረን። እንታይ ከም እተገብረለን እውን ሓበሬታ የብለንን።

እቲ ኣገባብ ሕክምና፡ ብዘይካ ኣብ ደሴት ግሪን ላንድ ኣብ ዴንማርክ ኣብ ዝነብራ ኣሕዳርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ዓሌታት ግሪንላንድ እውን ይቕየድ ነይሩ እዩ። ምምሕዳር እታ ደሴት ኣገልግሎት ጥዕና ክሳዕ ዝተረከበሉ - ክሳብ 1992፡ እቲ ናይ ምምካን ተግባራት ክቕጽል ጸኒሑ።



## ኤውሮጳ - እናተኸሸሐ ዝመጽእ ዘሎ ሕክምና 'ዩጀኒክስ'

ምሽ'ቲ ኣብ ዴንማርክ ክቕየድ ዝጸንሐ ኢሰብኣዊ ማስርሕ ዝመሳሰል፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ እውን ይፍጸም ከም ዝነበረ ቀሪብ ክጥቀስ ይከኣል። ሽወደን ካብ ክፍላ 30ታት ዝጀመረቶ መደባት ምምካን ክሳብ 1976 ክትቅጽሎ ከም ዝጸንሐት መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ። እቲ መደባት ምምካን ጽሩይ ዓሌት ንምምዕባል 'ዕንቅፋት' ክኾኑ ይኽእሉ ናብ ዝተባህሉ ውልቀሰባት ዘተኮረ እዩ ነይሩ።

'ጽሩይን ምዑቱይን ዓሌት' ንምምዕባል ኣብ ዝተገብረ ወፈራታት፡ በቲ ኣስገዳዲ ሕክምና ካብ 20 ክሳብ 30 ሽሕ ዝበጽሑ ሽወደናውያን መኺኖም። እቲ ናይ ምኽኒት ሕክምና ዝግበረሎም ሰባት፡ ሓናፍጽ፡ ዝሓላት ወይ ክናባት ከምዝኾኑ ዝተገልጹ ሰባት ክኾኑ እኽለዉ፡ ሙብዛሕትኦን ደቂ-ኣንስትዮ እየን። መለክዒ ብልሒ ኣእምሮ ተዋሂብዎም ትሕቲ ማእከላይ ነጥቢ ዝረኸቡ 'ዝሓላት' ተባሂሎም ናብ ትካላት ኣእምሮ ይሰደዱ። ኣብኡ ኸኣ ብተቓውሞ ክወጽኡ ኣብ ዝደልዩሉ ግዜ፡ ናይ 'ጽላለ' ምልክታት ኣርእዮም ይበሃሉ። ካብቲ ናይ ኣእምሮ ትካል ከይተቐጥቀጠ ዝወጽአ ከምዝይነበረ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብቲ እዋን ዝተሰደ መዛግብቲ ዝርኣየት ሓንቲ ተመራማሪት ታሪኽ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ክመኽኑ ዝተፈርደም ሰባት ዝወሃብ ዝነበረ ምኽንያት፡ ተኣማንነት ዝጎደሎን ዘይብቑዕን ምንባሩ ተረዲኣ። ኣብቲ ዓመታት እቲ እንተትነብር ነይራ፥ ንሳ እውን "ሰሓቒት ስለ ዝኾነት ወይ ኣጸፋራ ኣዘማልያ ምልካይ ስለ እተዘውትር" ከም መለክዒ ምልክታት ክወሰድ መኽኣለ ነይሩ ትብል።

እቲ ኣብ ሽወደን ዝተኻየደ ምጽልጻል 'ዝሓላት'፡ ብምስጢር ዝተገብረ ኣይነበረን። ኩለን ሰልፍታት ብዘይካ ኮሙኒስታውያን ይድግፍዎ ምንባሮም፡ ጽሩይ ዓሌት ብምፍጣር ከም ዝከኣል ይእመኑ ምንባሮም ሰነዳት ይሕብሩ። እቲ ፍርዲ ዝተዋህቦም ብዘይፍታው ዝመኸኑ ግና፡ ንሓዋሩ ዘይበሊ ቃንዛ ጸይሮም ሓሊፎም። ገሊኦም እውን ብሕፍረት ዝኣክል ንኸይፍለጡ - ካሕሳ ክወሃቡ ዝተገበረሎም ጻውዒት ኈሊንም ብሽቕታ ይነብሩ ኣለዉ።

ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳ እውን ናይ ኣእምሮ ሰንክልና ኣብ ልዕሊ ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ ብፍቓድ ወለዲ ዝቕየድ ናይ ምምካን ሕክምና እኳ እንተሃለወ፡ ኣብኦት ናይ'ቲ ትሽዓተ ሃገራት ዝሓቘፈ ሕብረት ግና፡ እዚ ኣገባብ ከም ዝቃወማ ይፍለጥ። ሓያሎ ኣብ ሰሜማዊ ናይ'ዚ ኣገባብ ሕክምና ተቓውሞ ዘለዎም ወገናት፡ ኣመጻጽኣን ምዕባለታትን ዘርኢ ሰብ፡ ብዘይ ምትእትታው ከም ዘለዎ ክቕጽል ይመርጹ። ኣብ ሕብረ ቁርባት ወይ ኣብ ዓሌት ዝተመርኰሰ ዩጀኒክስ ካብ ኣብያተ-ሕክምና እኳ እንተጠፍኣ፡ ካብ ኣእምሮ ዓሌታውያት ክተውጽኦ ግና ኣይክኣልን። እቲ ፊንላንዳዊ ሚኒስተር ዝሃቦ ርእይቶ - ኣብ ኣእምሮኡ ዓቍሩዎ ካብ ዝነበረ ምልኣት እዩ ንጉዳም ኣውጺእዎ። ሓያሎ ሕቶታት ከልዕል ንኽእል ኢና።


ንክንደይ ሚእታዊት ካብ'ታ ኣህጉር ክውክል ይኽእል? 'ምንጻል ጥንሲ' ብዛዕባ ክሊማ ናይ ምውዳድ ዓቕሚ እንተዘህልዎ እንታይ ምተገበረ? እቲ ጃምላዊ ምንጻል ጥንሲ፡ ብኣፍልጦ ኣፍሪቃውያን መራሕቲ ወይ ሰበ-ስልጣን ጥዕና ምተኻየደ? ኣፍሪቃውያን ብዘይፈልጥዎን ብዘይተሓብርዎን ኣገባብ ሕክምናዶ ኾን ምተገብረ? ኣፍሪቃ ተጸባይት ረድኤት ክሳብ ዝኾነት፡ ኣብ ዓንቃሪቦ ተሰኪዓ እትመጽእ ስጋ ካብ'ታ ዓንቃሪቦ ፈሊኻ ናይ ምውሓጥ ሜላ ኣይተለማመድናን። ስጋን ዓንቃሪቦን ብሓንሳእ ክንውሕጠን እንተዘይኪኢልና።

እቲ ፊንላንዳዊ በዓል-መዚ፡ ርእይቶኡ ኣብ ልቡ ሓቢኡ ስወር ውዲታት ኣብ ምውዳድ ተሰሪዑ እንተዝኸውን፡ መን ምተጠንቀቐ? ንሓያሎ ኤውሮጳውያን ኣሸቑሪርዎም ዘሎ እውን፡ መንግስቲ ፊንላንድ ነዚ ጉዳይ ብዓቢ ሕድሪ ክደፍኣሉ ንዝኾነ ስለዋ እዩ።


ዩጀኒክስ ብዓይነትን ኣገባብን ይፈላለ ደኣ'ምበር፡ ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ናይ ውግእ ሜላ ከም ዝኾነ ክግለጽ ይከኣል። እዚ ሳይንሳዊ ስም ተዋሂብዎ ብግልጺ ኣብ ተግባር ክሰርሓሉ ዝጀመረሉ እዋን፡ ኣብ መወዳእታ 1800 ምንባሩ ሰነዳት የረድኡ። ቀንዲ ዕላማኡ፥ ጽሩይ ዓሌት ሓደ ማሕበረሰብ ንምፍጣር ኣድላዪ ኣይኮነን ዝተባህሉ ወገናት ከይፋረዩ ኣብ ምኽላእ ዘተኮረ ሕክምና እዩ።

ክሊማ ንምቍጽጻር ኣፍሪቃውያን ክውሕዱ ኣለዎም ዝበል ምኽንያት ግና፡ ሕጂ ዝቶግዕ ዘሎ ሓድሽ ምኽንያት እዩ። ብሰንኪ ብዝሒ ኣፍሪቃውያን ኣከባቢ ይዓኑ ኣሎ ከይበሃል - ህዝቢ 54 ሃገራት ኣፍሪቃ ተደማሚሩ ክንዲ ናይ ህንዲ ወይ ናይ ቻይና እውን ኣይኣክልን። ኣፍሪቃ ንህዋ/ጠፈር ዓለም ብጠቐር ኢንዱስትሪ ትብክል ኣላ ከይበሃል - ኣብ ዋሕዚ ሩባ ብላዕሊ ዝሰቲ ውኻርያ፡ ነቲ ብታሕቲ ዝሰቲ ዕየት "ኣይትዝረገለይ" ክብሎ እንክሎ እዩ ዘስምዕ።

ሓያሎ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ እውን ከይተረፋ፥ መደባት ዩጀኒክስ ከም ዘቶደ መዛግብቲ ታሪኽ የረድኡ። ኩሉ ግና፡ ኣብ ውሸጢ እተን ሃገራት ዝተፈጸመ ኣገባብ ሕክምና እዩ ነይሩ። ናብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝቐንዐ ክሊማ ንምቍጽጻር ብርሰት ህዝቢ ክቕየድ ዝጸውዕ ርእይቶ ግዳ ሓድሽ እዩ። እዚ ርእይቶ እዚ እናሰፍሐ ወይ እናተደጋገመ እንተኸይዱ እምበኣር - ንመጻኢ ግዜ ዝርአ እዩ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ
ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)
ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247
ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284




# ካብ ባህርያት ዕዉታት ደቂ-ኣንስትዮ

ማርታ ክብሮም

• ደቂ-ኣንስትዮ ሓላፍነታውያን እየን። ዘተኸስተ ውድቀት - ናብ ካልኦት እናኣጻዓፋ ንሰበን ሓራ ክገብራ ኣይፍትናን። ዕዉታት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ዚገጠመ የጋጥመን ብዘዋገደስ ኑቲ ዘጓፈ ብደሆ ብሽመይ ይብድሃኦ ጥራይ እየን ዝሓስባ። ጾር ናይ ዝተሰከማኦ ሓላፍነት ስለ ዝኸበደን ወይ ጉዕዞ ስለ ዝወሐን እውን ሓላፍነተን ኣይደርብያን እየን። ኣተሓሳስበአንን ተግባራተንን ኣብ ቁጽጽረን ከም ዝኾነ ስለ ዝኣምና፡ ምሉእ ሓላፍነት እየን ዝወስዳ።

• ከይወድቃ ወይ ከይጋገያ ፈሪሐን - ካብ ምፍታን ዓዲ ኣይወፅኣን እየን። ብቐጻሊ ይፍትና፡ ይጋገያ፡ ይመሃራ፡ ይምኩራን ይዓብያን ከኣ።

• ዕዉታት ደቂ-ኣንስትዮ ጽኑዓት እየን። ጉዕዞ ምንባር ሽሕ ግዜ ይጸንክር፡ ጾር ናይ ዝተሰከማኦ ሓላፍነት ሽሕ ግዜ ይኽበድ፡ መንገደን ሽሕ ግዜ ዓቕቡ ቁልቁል ይብዝሓዮ ... ፈጺመን



ኣየቋርጻን። መሪት ኣብ ምውጋሓ ዚያዳ ከም እትጽልምት፡ ዓቕብ እውን ኣብ ምውድኡ ዚያዳ ከም ዘድክም... ስለ ዘይስሕታኑ ቃልሲ ምንባር ከተረን እንከሎ እየን ዚያዳ ዝጸንዓን ከቋርጻ ከም ዘይብለን ዝርድኣን። ብሓፈሻ፡ ዕዉታት ኣየቋርጻን እየን ስለ ዘቋርጻ ከኣ ኣይሰዓራን።

• ዕዉታት፡ ንሰበን ተወዳዳሪትን በዳሂትን ንምግባር መሳልታዊ ዝጽዕራ እየን። ኣብ ስራሐን ይኹን ኣብ ካልእ ንጥፈታተን መወዳድርቲ የብለንን። ንብታ ስራሐን ብቐሊሉ ክትክእ ዝኽእል እውን ስለ ዘይርከብ፡ ኣዝየን ተደላይቲ እየን።

• ዕዉታት፡ ኣብ ዓማዊለን ልዑል ኣኽብሮትን ክሕስን ኣለወን። ኣብ ቦታ ስራሐን ንሰበን ከም ኣገልጋሊቲ - ንዓማዊለን ከኣ ከም ሓለፍተን እየን ዝርእያኦም።

• ጽባሕ ንኽኑበራ ዝኣተዋእ መድሕን ከም ዘየለ ስለ ዝርድኣ፡ ሎሚ ክየማኦ ንዝኽእላ ነገራት ንጽባሕ ኣየሰጋግራኦን። ዕዉታት፡ ንፍሲ-ወከፍ መዓልቲ ብዋጋኡ ክይተጠቐማላን ክይተሓጊጣላን ክትሓልፈን ኣይደልያን እየን። ንምንባር ክዳለዋ - ምንባር ኣየቋርጻ፡ ሓጊስ እናኣወዘዩ ከኣ ሓጊስ ኣየናድያ።

• ዕዉታት፡ ክቈጻጸራኦን ክፈትሓኦን ብዘኽእላ ነገራት እንተ ዘይኪዩዘ ካብ ቀጻጸረንን ዓቕመንን ወጻኢ ብዝኾኑ ነገራት ክጭነቓ ወይ ክሓስበ ምርጫአን ኣይኮነን። ዝኽእላአ ይፍትና፡ ካብ ቁጽጽረን ወጻኢ.ን ልዕሊ ዓቕመንን ንዝኾነ ነገር ከኣ ይቕበላአ። ብዘረጠ ተግባራትን ካልኦት ሰባት እውን ካብ ጉዕዞአን ኣይሰናኸላን።

• ዕዉታት፡ በቲ ኩሉ ሰብ ዝኸደሉ መንገዲ ኣይከዳን እየን። ኩሉ ሰብ ዝገብሮ ተግባር እውን ኣይከዳን ዝገብራ። ፍሉይ ዓወት ንምጭባጥ፡ ፍሉይ ሜላታትን ተግባራትን እየን ዝጥቀማ። እቲ ኩሉ ሰብ ዝገብሮ ጥራይ እንተ ገይረን እቲ ኩሉ ሰብ ክረኽቦ ዝኽእል ጥራይ ከም ዝረኽባ ስለ ዘይስሕታኦ ወትሩ ፍሉይ ነገር ክገብራ እየን ዝፍትና።

**ምንጪ፡ ጽሑፍ፡ መጽሓፍ ምስጢር ዓወት**

# ምሉእ ጥዕና ንኽንነውንን . . .!

ወሃንቲ ምሉእ ጥዕና ንኽንሕከውን ክንገብርዎ ዘይብልና ብዙሓት ነገራት ኣለዉ። ብዘየኾነ ይኹን ምኽንያት፡ ኣብ ገዛእ ነብስና ክንሓርቕ ይኹን ክንገሂ የብልናን። ሕርቃን ሓደ ካልእ ርእሱ ዝኸኣለ ሕማም እዩ። ነብስና ከም ዝጽላእና - መረጋገጺ እውን እዩ።

ዋህዮታት ኣካላትና፡ ኩሉ ብዝዕባ ነብስና እንሓስቦ ነገራት ኣፍልጦ ኣለዎም። ብዘይካ'ዚ ኣካላትና ባዕሉ ንሰበሱ ከመይ ገይሩ ክፍውስ ከም ዝኽእል ይፈልጥ እዩ። ጥዕናኡ ዘተረጋግጸ መገዲ፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ፡ ምንቅስቓስ ኣካላትን እኹል ድቃስን እንተ ሂብናዮ ስራሕ ናይ'ቶም ዋህዮታት ቀሊል ይኸውን። እዚ ምስ እንገብር ኑቶም ዋህዮታት ስራሕ ነቕልለሎም ኣለና ማለት እዩ። ጥዑያት'ውን ይኾኑ።

ብዛዕባ ሕማምና ብምሕሳብና ወይ ብምዝራብና ጥዕና ከምጽእ ኣይንኽእልን ኢና። ጥዑይ ጥዕና ንሰብና ብምፍቃርን ብምምስጋንን እዩ ዝመጽእ። ንሰብና እቲ ዝኾነ ፍቕሪ ንለግሰሉ። ካብ ክፋል ኣካላትና ዝሓመመ ምስ ዝህልወና፡ ልክዕ ከም'ቲ ንዝሓመመ ህጻን ወላድና እንገብሮ ምክንኻን ንግበረሉ።



ሓደ-ሓደ ግዜ ንኣካላትና ብሰንኪ ሽለልትነት ከም'ቲ ዝኾኑ ክንክን ኣይንገብረሉን ኢና። ኣካላትና ባዕሉ ክንገብሮ ዘይብልና ነገር ይነግረና እዩ፡ ጥራይ ግዜ ሂብና ንስምዖ። ከምኡ'ውን ዋህዮታትና ንፍሲ-ወከፍ እንሓስቦን እንዛረቦን መልሲ ይህብሉ እዮም። እዚ ድማ እወታዊ ይኹን ኣሉታዊ ኣተሓሳስባን ቃላትን ኣብ ኣካላትና ጽልዋ ክህልዎ ናይ ግድን እዩ። ጸዋግ ገጽ ዘለዎ ሰብ ዘሐጉስ ወይ ፍቕሪ ዝመልአ ኣተሓሳስባ ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ስለ'ዚ፡ ወሃንቲ ምሉእ ጥዕና ምእንቲ ክንሕከውን ኣካይዳ ህይወትና ከዐሪ ዘበለጸ እዩ። ፈውሲ ንሕማምና ዝኾውን ጸቡቕ ወይ እወታዊ ኣተሓሳስባ ከማዕብል ዝበለጸ እዩ።

ቃላትና ኣዚና ክንጥንቀቐሉም ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ቃላትና ውጽኢት ኣተሓሳስባና ስለ ዝኾኑ። ኣሉታውያን ቃላት እንዛረብ ሰባት፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ ክህልወና ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ምስ ዝህልወና፡ እወታውያን ቃላት ኢና እንጥቀም። እዚ እምበኣር፡ ኣብ ጥዕናና ዓቢ ግደ ኣለዎ።

ዝ. ንምግባር፡ ክንጥቀመሎም ዘለና ቃላትን ክንትግብሮም ዘለና ነገራትን፦

• ኣቶም ንጥዕናይ ኣገደስቲ ዝኾኑ መግብታት ብዘየቋርጽ ክወግቦም እየ።

• ኩሎም ክፋላት ኣካላተይ የፍቅሮም ብኣኦም ዕግብቲ እየ።

• ነዊሕ ዕድመ ከም ዝነብር ብምእማን፡ ካብ ሕጂ ንኹሉ ክፋል ኣካላተይ ጥዑይ ክኸውን ብዘየቋርጽ ክከናኸኖ እየ።

• ኩነታት ጥዕናይ ዘመሓይሹ መንገድታት ሃሰው ካብ ምባል ኣይክቋርጽን እየ።

• ግዜይ ንስራሕን ዕረፍትን ምስ ስድራ-ቤተይ እኹል ግዜ ንምሕላፍን ብማዕረ ክመቓቕሎ እየ። እዚ ንኣእምሮይን ኣካላተይን ጸቡቕ ከም ዝዕምዂ ኣብ ምግባር፡ ዓቢ ተራ ክህልዎ እዩ።

• ሎሚ ብህይወት ብምህላወይ ንመዓልተይ ብምስጋና ክጅምሮ እዩ። ነዛ ኣደናቒት መዓልቲ ክሰብራ ብምኽኣለይ ሕጉስቲ እየ።

• ብዘተኻእለ መጠን ንህይወተይ ኩሉ ዘድልያ ነገር ከማልኣላ እጽዕር እየ።

• ንኹነታት ጥዕናይ ዝምልከት ነገራት ንምግባር ኩሉ ግዜ ድልውቲ እየ።

• ንኣእምሮ ብደስ ዘብሉ ኣተሓሳስባታት ምምላእ ዝበለጸ መንገዲ ጥዕና ምዃኑ ብምእማን ካብ ምትግባሩ ድሕር ኣይብልን።

• ገለ ካብ ግዜይ ንጸጉማት ኣብ ምሕጋዝ የሕልፎ። እዚ ደስ ዘብል ስምዒት ንኽህልወኒ ሓጊዙ ስለ ዝኾነ።

# ገዛእ ርእስና ንምፍላጥ . . .

ብዛዕባ ነብስናን እንታይነትናን ዘይንፈልጥ ሰባት፡ ውሑዳት ኣይኮንናን። ንዘለናን ዘይብልናን ጸጋታት ወይ ብዘየገባእ እንመልኮን ዘይንመልኮን ነገራት ዘይንፈልጥ ሰባት እውን ከምኡ። ተወሃህቦና ብልክዕ እንተደኣ ዘየለና፡ ንመጻኢ ዝኸውና ሞያ ኣብ ምምራጽ ክንሸገር ግድን እዩ። ብተመሳሳሊ፡ ጸቡቓን ሕማቓን ባህርያትና ክንፈልጥ እንተ ዘይክኢልና፡ ንኽንምሕየሸሎ ክንኣልዮን ዝግብኣና ልምድታት ይኹን ባህርያት ክንለልዮ እውን ኣጸጋሚ እዩ። ስለ'ዚ፡ ኣብ ጉዕዞ - ህይወትና ንምጽባቐን ዕዉታት ንኽንሕከውንን ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ዘሎና ኣፍልጦ ክለዐሊ ዝበለጸ እዩ።

እምበኣር፡ ገዛእ ርእስና ንምፍላጥ ዝሕግዙና ነጥብታት ንምርኣይ፦

• ምስ ገዛእ ርእስና ፍሉይ ዕላል ምክያድ፦ ኣብ ጽሙው ወይ ብሕትት ዘበለ ቦታ ብምዃን "ኣነ መን'የ? ኣብ ምንታይ እየ ዚያዳ ከድምዕ ዝኽእል? ንመጻኢ እንታይ ዓይነት ሰብ ክኸውን እየ ዝደሊ? ዘለዊ ሕማቓን ጸቡቓን ባህርያት እንታይ ይመስል?. . . ወዘተ እናበልና



ንሰብና ንሕተታ። ዝመጽኣልና መልሲ ከኣ ንጽሓፎ። እዚ ብዛዕባ እንታይነትና ወይ መንነትና ንኽንፈልጥ ክሕግዘና እዩ።

• ፍሉይነት ድርኺታትና፡ ስምዒታትናን ተወሃህቦናን ብመንጽር ካልኦት ሰባት ምርኣይ። ኣብ ዙርያና ዘለዉ ሰባት፡ ብዛዕባና ዘለዎም ርእይቶ ንሕተቶም። 'ሰብ እዩ ማሳትያትካ' ከም ዝበሃል፡ መሓዙትና ወይ ፈለጥትና ንዓና ዘይረኣየናን ዘየስተውዓልናዮን ተወሃህቦና ወይ ክእለትና ኣብ ምልላይ ክሕግዙና ይኽእሉ እዮም።

• ናብ ውሽጥና ብምእታው፡ ንውሽጥና ክንሰምዖ የድሊ።

• እቶም ብዛዕባ ነብስና ፈሊጠዮም እንብሎም ባህርያት፡ ምሳና ኣብ ቀረባ ምስ ዘለዉ ሰባት ብምልዳኽ ነልልዮምን ንዘራረበሎምን።

እዚ ምስ እንገብር ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ዘሎና ኣፍልጦ እናዓበየ ክኸይድ እዩ። እዚ ማለት ግን፡ እናዓበና ብዘኸድና ንሰብና እናፈለጥና እምበር፡ እናለወጥናያ ንኸይድ ማለት ኣይኮነን። ስለ'ዚ፡ ንገዛእ ርእስና ምፍላጥ እቲ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ናብ ዓወት ይኣ'ምበር፡ ዕዉትን ሕጉስን ህይወት ንምምራሕ ኣኻሊ እዩ ማለት ኣይኮነን። ገዛእ ርእስና ምስ እንፈልጥ ግን፡ ናብ መንገዲ ዓወት ኣዚና ዝቐረብና ኢና እንኸውን።

## ንልቦና

• ኣብ ጉዕዞ ህይወተይ ክፍለየኒ ዘይደልዩ ነገር ትዕግስተይ እዩ።

• እቲ እትኣምነሉ መንገዲ እንተ ርሒቑኪ፡ ኣዕርፊ እምበር ጉዕዞኺ ኣይተቋርጺ።

• ኑቶም ብድሕሬኺ ዝዛረቡ ገጽ ኣይትሃብዮም። ምኽንያቱ ካብ ገጽኪ ሕቆኺ ስለ ዝሰማምዖም።

• ድኹማት ሕነ ይፈድያ፡ ሓያላት ይቕሪ ይብላ፡ በላሕቲ ግዳ ሸለል እየን ዝብላ።

• ብዙሕ ፈተነ እምበር፡ ብዙሕ ዓወት የለን። እታ ሓንቲ ዓወት ግዱ ክንዲ ዕጽፊ ናይ'ቲ ብዙሕ ፈተነ እያ።

• ዘየገድሰኪ ሰብ ካብ ሂወትኪ ንምውጻእ ኣይትሰከፊ፡ ሓደራ ግን ኣይትቀየሚ።

• ኣብ ገዛእ ርእሰኺ ልዑል እምነት ይሃሉኺ። ካብ'ቲ ንሰኺ እትሓስብዮ ንላዕሊ ዓቕሚ ኣለኪ።

• ትምህርቲ፡ ድንቁርናን እምበር ዕሸት ኣየጥፍእን እዩ። ካብ ዓያሹ ምሁራት ተጠንቀቒ።

• ህይወት፡ ብምትኽኻእ ናይ ህሞታት እያ እትህሉ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ህሞት ምንባር ድማ እዩ ዓወት ዝመጽእ።

• በቲ ክትገብርዮ እትኽእሊ ኩሉ፡ ኩሉ ክትገብርዮ እትኽእሊ ነገራት፡ ኣብ ኩሉ ክትገብርዮ እትኽእሊ ግዜን ቦታን ንኹሉ ክትገብርሉ እትኽእሊ ሰብ - ክትገብርዮ ክሳብ ዝኸኣልኪ ግበሪ።

# ጸጋታት ባሕሪ

## ስርዓተ-ማያዊ ከባቢ ባሕሪ/ውቅያኖስ

ዘወልዲ ሃይለ

ልዕሊ 71 ሚእታዊት ስፍሓት እዛ እንነብረላ ፕላኔት፡ ብማያዊ ኣካል ዝተሸፈነ እዩ። ኣስታት 99 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ሂወታውያን ናይ'ዛ ምድሪ ድማ ኣብዚ ስርዓተ ከባቢ ይነብሩ። ገምጋም ዕምቈት ማያዊ ክፋል ዓለም፡ ኣስታት 4300 ሜትሮ ክኸውን ከሎ፡ ጠቕላላ ዙርያ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ከኣ ኣስታት 380 ሽሕ ኪሎ ሜትር ኣብሉ ይብጽሕ። ዓቐን ማይ ውቅያኖሳ ኣስታት 1.37 ቢልዮን ኪሎ ሜትር ኩዩብ እዩ። ስርዓተ ማያዊ ኣከባቢ ካብ ገማግም ባሕሪ ወይ ውቅያኖስ ክሳብ'ቲ ኣዝዩ ዝዓሞቐ ክፋል ውቅያኖሳት ዘጠቓልል ኮይኑ ንዝልዩናት ዓሌታት ህይወታውያን ባሕሪ ከም መዕቆቢን ምንጪ መግቢን ብምዃን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ቀጻልነቶም ኣብ ምውሓስ ዕዙዝ ተራ ይጻወት ኣሎ። ከም ውጽኢቱ ብቢልዮናት ዝቑጸሩ ኣህዛብ ዓለም ብቐጥታ ይኹን ብዘዘዋዋሪ ከም ምንጪ ኣታዊታቶም ክጥቀምሉ ጸኒሖም ኣለው።

### ክፍልታት ስርዓተ ማያዊ ኣከባቢ

ማያዊ ኣከባቢ ብ"ፐላጂክን" "በንቲክን" ዝተባህሉ ክልተ ዓበይቲ ክፍልታት ዝቖመ እዩ።

1. ፐላጂክ (ላዕለዋይ ቀጸላ/ክፋል ማያዊ ኣካል)

"ፐላጂክ" ዝበሃል ላዕለዋይ ቀጸላ ማያዊ ኣካል ባሕሪ ማለት ካብ ጸፍሒ ባሕሪ ክሳብ'ቲ ዝዓሞቐ ባይታ ዝርከብ ክፋል የጠቓልል። እዚ ክፍሊ ንባዕሉ ኣብ "ኒሪቲክን" "ኦሻኒክን" ዝተባህሉ ክልተ ንኡሳን ክፋላት ይምቀል።

1.1 ኒሪቲክ፦ ናብ ገምገም ባሕሪ ቀረባ ዝኾነ ማያዊ ክፋል ኮይኑ ብዝተዋግዱ ሓጺር ዕምቈት ኣለዎ። እዚ ኣከባቢ ምስ መሬት ስለዝዳወብ ካብ መሬት ብውሓይዝ ተጸዪርም ዝመጽኡ ማዕድናትን ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ዝፍጠሩ ማዕበላዊ ምግልባጥን ዝያዳ ፍርያም እዩ። ብርክት ዝበሉ ህይወታውያን ከኣ ይርከብዎ።

1.2 ኦሻኒክ፦ እዚ ኣካል'ዚ ካብ ገምገም ባሕሪ ርሑቕ ኮይኑ፡ ንኣዝዩ ዓሚቝ ማያዊ ክፍሊ ዝውክል ኮይኑ ኣብ ኣርባዕተ ቀጸላታት ይኽፈል።

ሀ. ላዕለዋይ ቀጸላ (ኢፒፐላጂክ)፦ ብርሃን ጸሓይ ብቐሊሉ ዝረክብ ስለዝኾነ ኣትክልቲ ብዙሕ ርእሶም መግቦም ንኽዳልዉ ዝሕግዞ ማስርሕ ዝፍጸሉ ቀጸላ'ዩ። ስለዝኾነ ብርክት ዝበሉ ህይወታውያን ይነብሩሉ።

ለ. ማእከላይ ጸፍሒ (ሜሶፐላጂክ)፦ - እዚ ቀጸላ ብኻልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ማያዊ ኣካል ኮይኑ ካብ 200 ክሳብ 1000 ሜትሮ ዕምቈት ይበጽሕ። ኣብ'ዚ ቀጸላ ዝነብሩ ህይወታውያን ካብቶም ኣብ ላዕለዋይ ቀጸላ ዝነብሩ ፍልይ ዝበሉ ኮይኖም፡ ንዋሕዲ ብርሃንን ልዑል ጸቕጥን ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ኣለዎም። ንኣብነት ኣብ'ዚ ክፋል ናይ ማይ ዝነብሩ ዓሳታት ንዋሕዲ ጩራ ብርሃን ንምብዳህ ተራኣይቲ ንምውሳኽ ዝፍቱ ኣዒንቲ ይውንኑ።

ሐ. ታሕተዋይ (ባዚየፐላጂክ)፦ እዚ ክፋል ምሉእ ብምሉእ ጸልማትን ሓያል ቀዝሕን ዘለዎ ቦታ ኮይኑ ዕምቈቱ ካብ 1000 ክሳብ 4000 ሜትሮ ይበጽሕ። ኣብ'ዚ ቀጸላ ዝነብሩ ህይወታውያን እዚ ሓያል ዛሕልን ማያዊ ጸቕጥን ዝጻወሩ ኮይኖም ዝፈልጡ እዮም።

መ. ዝተሓተ (ኣቢሶፐላጂክ)፦ ኣቢሶፐላጂክ ዝተሓተ ቀጸላ ማያዊ ክፍሊ ኮይኑ፡ ዕምቈቱ ካብ 4000 ሜትሮ ክሳብ ዝዓሞቐ ምድሪ ማያዊ ክፍሊ ይዝርጋሕ። ኣቢሶፐላጂክ ጸልማት ስለዝኾነ ብዘይካ ፍሉያት ዓይነት ባክተርያ ካልኦት ህይወታውያን ክነብርዎ ዘይክእሉ ኣከባቢ ብምዃኑ ምድረብዳ ማያዊ ኣካል ተባሂሉ ይጽዋዕ።

2. በንቲክ (ምድሪ ባሕሪ)፦ ምድራዊ ኣካል ባሕሪ "በንቲክ" ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ማይ ዝነብሩ ክኾኑ ግን ከኣ ክንቀሳቐሱ ዘይክእሉ ህይወታውያን ከም ድኑዓት ዘይዓጽሙት እንስሳታት፡ ሰፍነግ፡ ዕንባባ ባሕሪ፡ ሾራን ካልኦት ዝተፈላለዩ ጻህያይ ባሕርን ሳዕሪ ባሕርን ኣብ'ዚ ቦታ ይነብሩ። ደረጃ ዕምቈቱ ምርኩስ ብምግባር እዚ ከባቢ ሹዱሽተ ጸፍሕታት ኣለዎ።

2.1. ሱፕራሊቶራል፦ እዚ ጸፍሒ ኣብ መንጎ ንቑጽ መሬትን ዝለዓለ ማዕበል ምልኣተ ባሕርን ዝርከብ ብማይ ዘይተሸፈነ ጥሉል ምድሪ ባሕሪ እዩ። ኣብ'ዚ ቦታ ኣዝዩ ልዑል ጨዋምነት፡ ደርቂ፡ ልዑል ጩራ ጸሓይ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ክሊማዊ ምቅይያራት ክጻወሩ ዝኽእሉ ህይወታውያን ከምኡ'ውን ካብ ኣትክልቲ ባሕሪ ከም ሳሊኮርንያ፡ ሰውዱ፡ ኣግራብ ሾራ፡ ዝተፈላለዩ ደቀቕቲ ዘይዓጽሙት እንስሳታትን ኣብ'ዚ ጸፍሒ ይነብሩ።

2.2. ሊቶራል፦ ኣብ መንጎ ልዑልን ትሑትን ምልኣተ ባሕሪ ዝርከብ ጸፍሒ'ዩ። ኣብ ግዜ ልዑል ምልኣተ ባሕሪ ምሉእ ብምሉእ ብማይ ክሽፈን ከሎ ኣብ ግዜ ትሑት ምልኣተ ባሕሪ ድማ ቃልዕ ይኸውን። ኣብ'ዚ ከባቢ ዝነብሩ ህይወታውያን ንብርቱዕ ጸሓይን ንፋስን ከምኡ'ውን ደርቅት ማለት ኣብ ግዜ ትሑት ምልኣተ ባሕሪ ክጻወሩ ዝኽእሉ ህይወታውያን ከም ኣረ፡ ስትርምባ፡ ዕንቅርቢት ባሕሪ ዝተፈላለዩ ጻህያይ ባሕርን ሾራን ብብዝሒ ይርከብ።

2.3. ሳብሊቶራል፦ እዚ ኣካል ምድሪ ባሕሪ ኮይኑ ልክዕ ካብ ዝተሓተ ምልኣተ ባሕሪ ዝጅምር ጸፍሒ ሊቶራል ጀሚሩ ክሳብ 300 ሜትሮ ትሕቲ ጸፍሒ ባሕሪ ይዝርጋሕ። ኮንቲነንታል ሸልፍ ብዮሱታት ሂቡታም ዝኾነ ኣከባቢ ኣካል ናይ'ዚ ጸፍሒ ኮይኑ ዓመት ምሉእ ከኣ ብማይ ዝተሸፈነ'ዩ። ዝያዳ ናብ ገማግም ባሕሪ ዝቐረበ ብምዃኑ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሓመድን ድኹዒን ብውሕጅ ተጸዪርም ናብ'ዚ ቦታ ይረግፉ። ከም ውጽኢቱ ብዓይነቶም፡ ቅርጾምን ሕብሮምን ዝተፈላለዩ ዓሌታት ዓሳታት፡ ደቀቕቲ ዘይዓጽሙት እንስሳታት፡ ሳዕሪ ባሕሪ፡ ጻህያይ ባሕርን ካልኦትን ዝርከብዎ ብስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ዝሃብተመ ኣከባቢ'ዩ።

2.4. ባዚያል፦ ድሕሪ ሳብሊቶራል ዝስዕብ ክፋል ኮይኑ፡ ካብ 300 ክሳብ 4000 ሜትሮ ኣብሉ ዝበጽሕ ዕምቈት ኣለዎ። እዚ ጸፍሒ ምስ "ባዚየፐላጂክ" ዝተባህለ ማያዊ ቀጸላ ተመሳሳሊ ዕምቈት ዘለዎ ኮይኑ ምሉእ ብምሉእ ጸልማት ክኸውን ከሎ፡ ዓቐበ ቁልቁልን ጎቦታት ባሕርን ይርከብዎ።

2.5. ኣብይሳል፦ ብዕምቈቱ ካብ ባዚያል ቀጺሉ ዝስዕብ ጸፍሒ እዩ፡ ዕምቈቱ ድማ ካብ 4000 ክሳብ 6000 ሜትሮ ኣብሉ ይበጽሕ። ዝሰፍሐ ክፋል ኣብ'ዚ ጸፍሒ ዝሕቆፍ ኮይኑ፡ ዳርጋ ዝበዝሐ ክፋሉ ዝኾነ ፍጡር ዘይርከቦ ምድረብዳ እዩ።

2.6. ሃዳል፦ ዝዓሞቐ ምድራዊ ባሕሪ ኮይኑ፡ ዕምቈቱ ካብ 6000 ሜትሮ ንላዕሊ'ዩ። እቲ ዝዓሞቐ ክፋል ውቅያኖሳት ማለት ማርያና ትረንች (ዕምቈት 11,000 ሜትሮ)፡ ኣካል ናይ'ዚ ጸፍሒ'ዩ። ልክዕ ከም ኣብይሳል እዚ ጸፍሒ ጸልማት ስለዝኾነ ብዙሕ ህይወታውያን ዘይነብርዎ ምድረብዳ እዩ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዝተፈላለዩ ከባቢታት፡ መነበሪ ዝተፈላለዩ ህይወታውያን ባሕሪ'የም። ብዓይኒ ክረኣዩ ዘይክእሉ ደቀቕቲ ማስረታውያን ፍጥረታት መግቦም ባዕሎም ኩዳልዉ ዝኽእሉ ባክተርያ ክሳብ ኣታኽልትን ዘይዓጽሙት እንስሳታትን ከምኡ'ውን እቲ ዝዓበየ ዓሳ ነባሪ፡ ሳማባሕሪ ጉብየ ባሕርን ኣዕዋፍ ባሕርን ኣትክልትን የጠቓልለ። ኢኮሎጂካዊ ኣቀማምጣ ማያዊ ኣካል ዝተፈላለየ ከም ምዃኑ መጠን ዝርግሐን ባህርያትን'ቶም ኣብኡ ዝነብሩ ህይወታውያን ዘይምዕሩይ'ዩ።

ህይወታውያን ባሕሪ ቀጻልነቶም ንምውሓስ ነዚ ከባቢ ምስ ጠባዮምን ባህርያቶምን ብምውህሃድ ይነብርዎ። ላዕለዋይ ክፋል ናይ ዝኾነ ውቅያኖስ ዝያዳ ጸሓይ ብርሃን ዝርከቦ ስለዝኾነ ዝለዓለ ፍርያምነት ኣለዎ። ምስ ታሕተዋይ ጸልማት ቀጸላታት ክነጻጸር ከሎ ንህይወታውያን ዝያዳ ምቹእ ስለዝኾነ ብስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ዝሃብተመ'ዩ። ብርሃን ጸሓይ፡ ዕምቈት ባሕሪ፡ ማያዊ ረሰኒ፡ ህላወ ነፍሲ መኣዛታት መግቢ፡ ማዕበል፡ ደብሪ፡ ቀርበት ናብ ንቑጽ መሬት፡ ቅርጺ መሬት ንዝርግሐ ሂወታውያን ዝጸልዉ ባህርያውያን ረቛሒታት እዮም።

### ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ስርዓተ-ማያዊ ከባቢ

ብሰንኪ ወዲ-ሰብ ዝኽተሎ ዘይቅርዑይ ኣጠቓቕማ ከባቢ፡ ዓለምና ኣብ መንጎ ንሓድሕዶም ዝተወሳሰቡ ሓደጋታት ዝተቓልዐት እያ። ወዲ-ሰብ መሰረታዊ ንምምሕያሽ ዝዩተኣደነ ሜካታት ንኢንዱስትርያዊ መዓላ ኣብሪሱ ከይኣክል፡ ምንጪ መርዛማት ጋዛት ዝኾኑ ዝይተኣደሩ ኢንዱስትሪታት ብምትካል ኑቲ ዕንወት ዝያዳ ከምዝጋደድ ይገብር ኣሎ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ዓለማዊ ክሊማዊ ለውጢ ይገዝድ ኣሎ።

እዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ረቛሒታት፡ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ ዝስዕቡን ኣብ ህይወታውያን ባሕሪ ዘምጽእዎ ጽልዋታትን እዮም።

1. ምውሳኽ ምጽት (ኣሲዳውነት)፦ - ዕምባባ ባሕሪ ደርዓውያን እንስሳታት ባሕሪ ወልዶ ዓሳታት ብዘፍጠር ኣሲዳዊ ኩነታት ባሕሪ ብኣሉታ ይጽለዉ። ንኣብነት ዕንባባታት ባሕሪ ብኮልሰዩም ካርቦኔት (ኖራ) ዝተሃንጹ ስለዝኾኑ ኣሲዳዊ ቀመም ብቐሊሉ ከዕንዎም ይኽእል።

2. ምውሳኽ ዋዒ፦ ዓለምና ብሰንኪ ተመዘዝ ዘሎ ልዑል ኢንዱስትርያዊ ምዕባለ ጽዑቕ ዓቐን ካርቦን ኣብ ጠፈር ብምውሳኽ ንልዑል ሙቐት ትቃላዕ ከም ዘላ ተመራመርቲ ወትሩ የጠንቅቑ። እዚ ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ ጠንቂ ሞትን ሕማምን ከምኡ'ውን ምስሳን ናይ ዝይተደልዩ ሓደስቲ ወረርቲ ዓሌታት እንስሳታትን ኣትክልትን ይኸውን።

3. ምምካኽ በረድ ዋልታታት፦ እዚ ክስተት ኑቶም ኣብ በረድ ናይ ምንባር ባህሪ ዘለዎም ህይወታውያን ባሕሪ ከበቢኦም ብምዕናው ናብ ደረጃ ምጽናት ክብጽሖም ይኽእል።


4. ምውሳኽ ብራኸ ጸፍሒ ባሕሪ - ብሰንኪ ኣብ ዋልታታት ዘጋጥም ምምካኽ በረድ፡ ብራኸ ጸፍሒ ባሕሪ ብምውሳኽ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ከም መራብሒኦምን መጽለሊኦምን ዝጥቀምሉ እንስሳታት ቦታኦም ገዲፎም ክስደዱ ይግደዱ። ብተወሳኺ ብሰንኪ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዘጋጥም ምብሕጓግ፡ ኣብኡ ዝነብሩ ደቀቕቲ ዓሳታትን ድርዓውያን እንስሳታት ባሕርን ብኣሉታ ይጽለዉ።

5. ምምዛባል ኣንፈት ማዕበላት፦ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ፡ ማዕበላት ባሕሪ ኣንፈቶም ይቕይሩ። እዚ ምቕያር ኣንፈት ኑቶም ማዕበል ከም ምንጪ መውሰቦ ዝጥቀምሉ ህይወታውያን ባሕሪ ኣንፈቶም ኣዘናብሉ ብኻልኦት ወረርቲ ከምዝዝበልዑ ይገብር።


6. ምምዛባል ናይ ዝናብ ወርሓት፡ - ምምዛባል ናይ ዝናብ ወቕቲ ኑቶም ገለ ክፋል ህይወቶም ኣብ ኣፍላጋት፡ ወሓይዝን ገማግም ባሕርን ዘሕልፍዎ ህይወታውያን ባሕሪ ፍርያምነት፡ ጨዋምነትን ዝርግሐ ማዕድናትን ናይ'ቲ ኣከባቢ ብምምዛባል ዘይተደልየ ዕንወት የስዕብ።

7. ዋሕዲ ዝናብ (ደርቂ)፦ ልዑል ሙቐት ኣብ ጸፍሒ ባሕሪ ዘሎ ማይ ዝያዳ ከም ዝሃፍፍ ብምግባር ኣብ ምውሳኽ ጨዋምነት ባሕሪ ልዑል ተራ ይጻወት። በዚ ምኽንያት እቶም ንዝበር ጨዋምነት ተለማሚዶም ዝጸንሑ ፍጡራት ናብ ዘይተደልየ ጸቕጢ ብምቅላዕ ግዳይ ዕንወትን ብርሰትን ይኾኑ።


8. ብዝሒ ዝናብ፦ ምውሳኽ መጠን ዝናብ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ጸፍሒ ማያት ብምቕጣን ንትሑት ጨዋምነት የቃልዕ። ትሑት ጨዋምነት ልክዕ ከም ልዑል ጨዋምነት ኑቶም ዝበር ጨዋምነት ዝጻወሩ ሂወታውያን ባሕሪ ብምብራዝ ኣሉታዊ ጽልዋ የኸትል።



ቀጸላታት ማያዊ ኣካል



ጎቦታት መዓምቖ ባሕሪ



ዞባ ፐላጂክ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ሳልሳይ ክፋል

## ሓጐስን ሕጉሳትን

**“ኣብ ዓለምና ሓጐስ ጥራይ እንተ ዝህሉ፡ ተባዓትን ዕጉሳትን ክኸውን ኣይምተኻእለናን ነይሩ።” - ሄለን ከለር**

**“እቲ ዝዓበየ ርግሸኛ መገዲ ሓጐስ እትረኽበሉ፡ ንስለ ካልኦት ሰባት ሓጐስ ብምሃብ እዩ።” - ማርቲን ሉተር ኪንግ**

ዋላ እኳ ሓጐስ ክንቡብ ዝኽእል እንተኾነ፡ ሓጐስ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ብርክት ዝበሉ ደረጃታት ኣለዉ። ገለ ሊቃውንቲ ኣርባዕተ መወከሲታት ዕግበት ወይ ሓጐስ ክገልጹ ይሰምዑ። ንሳቶም ከኣ ሃብቲ፡ ዓለማዊ ዕግበት፡ መንፈሳውነትን ንቕሓትን እዮም። እዚኦም ብዛዕባ ንደምር እለሻ ሓጐስ ይጥርንፉ።

ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ባህታን ሓጐስን ንምርካብ ሓኾት እንብል ሓደት ኣይኮንናን። ንባህታን ሓጐስን ገለ መሰረታውያን ጭኢታታት ከም ዘለዉ፡ ንፍሲ ወከፍና ኣብ ኣእምሮና ወትሩ ይብለና። ጸቡቕ ኩነታት ጥዕና ሓደ ካብ ቀንዲ ረቛሒታት ንሕጉስ ህይወት ምኽኑ መብዝሕትና እንሰማማዓሉ ሓቂ እዩ። ካልእ ረቛሒ ንሕጉስ ህይወት ከም ዝኸውን ዝጥቀሱ፡ ንዋታዊ መሳለጥያታት ወይ እቲ እነጥሃልሎ ሃብቲ እዩ።

ተወሳኺ ረቛሒ፡ ጥዑያት ዝምድናታት ዓርኩ መሓዙት ወይ መሻንይቲ ክህልዉኻ እንክለዉ እዩ። ኩልና ከም እንሰማምዓሉ፡ ተኻፊልቲ ስምዒታትናን እምንቶታትናን ዝኾኑ ዓርኩ መሓዙት ክንረክብ እንክለና፡ ህይወት ኣመና እያ እትምቅረልና።

ብርግጽ ኩሎም እዞም ዝጠቐስናዮም ረቛሒታት፡ ምንጪ ሓጐስ ምኻኖም ዘከራኽር ጉዳይ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። የግዳስ ሓደ ሰብ ምእንቲ ናብ ኣንፈ ሹቶ ሕጉስን ዕጉብን ህይወት ብምልኣት ክጥቀመሎም ክኽእል፡ ኩነት ኣእምሮ እቲ ሰብ ቀንዲ ኣገዳሲ እዩ። ኣዘዩ ወሳኒ ኸሞን እዩ።

ኑቲ ጸቡቕ ኩነታትና ማለት ምሉእ ጥዕናና ወይ ሃብትና ብዘየገድስ ብእወታዊ ሸነኹ እንተ ተጠቒምናሉ፡ ንኣብነት ንጸገማት ሰባት ኣብ ምሕጋዝ እንተ ተጠቒምናሉ፡ ዝያዳ ሓጐስ ዘለዎ ህይወት ንኽነስተማቕር ከም ዘኽእለና ፍሉጥ እዩ። ብርግጽ፡ ዝኾነ ንዋታውያን መሳለጥያታትና፡ ዓወትናን ካልኦትን ብዘየገድስ ከነስተማቕሮም ንኽእል ኢና።

ይኹን እምበር፡ ብዘይ ኣእምሮኣዊ ኣመለኻኽታ፡ ብዘይ ኣብ ኣእምሮኣዊ ረቛሒ ኣድህቦ ምግባር፡ እዞም ነገራት ኣብ ናይ ነዊሕ እዋን ሓጐስና ሓደት ጸልዋ ጥራይ እዮ ክህልዎም ዝኽእል። ንኣብነት፡ ዓሚቝ ሓሳባት ጽልኢ ወይ ሓያል ሕርቃን ኣብ ውሽጥና እንተ ሒዝና፡ ንጥዕናና የዕንዎ። ንሓደ ካብ ረቛሒታት ሓጐስ ኣዕኒና ማለት እዩ።

ስለ ኣእምሮኣዊ እንተ ዘይተሓጐስካ፡ ኣካላዊ ምቾት ክሰማማዓካ ኣይክእልን እዩ። ብኻልእ መንገዲ፡ ህዱእ፡ ሰላማዊ ኩነት ኣእምሮ ክትረክብ እንተ ኽኢልካ፡ ኣመና ሕጉስ ሰብ ክትከውን ትኽእል ኢኻ - ዋላ ሕማቕ ጥዕና ይሃልኻ፡ ወይ ዋላ ማእሊያ ዘይብሉ ሃብቲ ይሃልኻ፡ ከቢድ ሕርቃን እንተ ኣጋጢሙካ ወይ ኣብ ከቢድ ጸልኢ.

እንተ ተሸሚምካ፡ ኑየም ክቡራት ንብረትካ ሰበርም ወይ ኣቃጺሉም ክመጽኣካ ይኽእል እዩ። ኣብቲ ህሞት እቶም ሃብትኻ ዋላ ሓንቲ ኩይናም ኣይሰምዑኻን እዮም።

ሎሚ ገለ ሕብረተሰባት ብንዋት ኣመና ዝማዕበሉ ኣለዉ። ገለ ካብኦቶም ግዱ ምሕረ ዘይሕጐሳት ኣለዉ። ኣብ ውሽጢ.

እቲ ማእሊያ ዘይብሉ ሃብቲ - ኣእምሮኣዊ ዘይምርጋእ፡ ጭንቀት፡ ዘየድሊ. ቀይቀ፡ ኣብ ሓሸሽ ወይ ኣልኮል ምምርኳስ፡ ካብኡ ብዝበኣሰ ናብ ርእሰ ቕትለት ዘምርሕ ዓይነት ክኸውን ይኽእል። ምእንቲዚ፡ ሃብቲ ንበይኑ ሓጐስ ወይ ዕግበት ክፈጥረልካ ውሕስነት ክኸውካ ኣይክእልን እዩ።

ብዛዕባ ዓርኩመሓዙት ተመሳሳሊ. ክበሃል ይክኣል እዩ። ኣብ ከቢድ ሕርቃን ወይ ጸልኢ. ኣብ እትሽመመሉ እዋን፡ እቲ ናይ ቀረባ ዓርኩመሓዛኻ ከይተረፈ. ቅጭ ክምጽኣልካ ይኽእል እዩ።

ኩሎም እዚኦም ከም ዘመልክትዎ፡ እቲ ኩነት ኣእምሮ ወይ እቲ ረቛሒ ኣእምሮ፡ ኣብ ተመክሮ ዕለታዊ ህይወትና ዓቢ. ጽልዋ ከም ዘለዎ እዩ። ብባህሪ ካብዚ. ተበጊሶና ዝ. ረቛሒ. ብዕቱብ ክንወስዶ ኣለና።

ምእንቲዚ፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ህድኣት ኣእምሮና ብዘይብዮ መጠኑ ሕጉሰን ፍሱህን ህይወት እነስተማቕረሉ ክእለትና ይዓቢ። ብዛዕባ ህዱእ ኩነት ኣእምሮ ወይ ሰላም ኣእምሮ ክንዛረብ እንከለና ምስ ምሉእ ብምሉእ ስምዒት ኣልቦ ምኻን ክንሓዋወሶ ኣይግባእን። ህዱእን ሰላማውን ኩነተ ኣእምሮ ምኻን ማለት ባዶሽ ምኻን ወይ ቅጭጭ ዘይብሎ ሰብ ምኻን ኣይኮነን።

ሱር መሰረት ሰላም ኣእምሮ ወይ ህዱእ ኩነተ ኣእምሮ ፍቕርን ምብቕቛቕን እዩ። ኣብ ፍቕርን ምድንጋጽን ልዑል መጠን ስምዒት ባህታ እዩ ዘሎ።

ዋሕዲ እቲ ህድኣት ኣእምሮ ዘምጽእ ውሽጣዊ ዲስፕሊን ክሳብ ዝሃለወ፡ ግዳማዊ መሳለጥያታት ወይ ኩነታት ክንዲ ዝሃለዉ. ይሃልዉኻ፡ ስምዒት ባህታን ሓጐስን ክምጥዉኻ ኣይክእሉን እዮም።

ብኻልእ መዳይ፡ ውሽጣዊ ዲስፕሊን እንተ ወኒንካ፡ ህድኣት ኣእምሮ ወይ ውሽጣዊ ርግኣት እንተ ፈጢርካ፡ ዋላ ማእሊያ ዘይብሎም ግዳማዊ መሳለጥያታት እንተ ወሓዱኻ፡ ሕጉስን ባህታ ዝመልኦን ህይወት ከተስተማቕር ትኽእል ኢኻ።

ብዙሕ ካብ ባህልታት ዓለምና ኣብ ንዋታዊ ጥሪት እናተመርኮሰ እዩ ዝምዕብል ዘሎ። ኣብ ዓለምና ንሓዲሰቲ ማካይን፡ ሓደስቲ ሞባይላት፡ ሓደስቲ ላፕቶፓት፡ . . . ዝግበሩ መወዳድዲ ንዘርኢ. ሰብ ኣእምሮኡ ብዩዪ ህርፋን እንተ

ተመልአ ዝተሓዘሉ ኣይኮነን። እዚኦም ኣይጸልወኒን እዮም ንኽትብል ምሕረ ኣጺጋሚ እዩ።

ኣብ ህይወትና ንሕና እንደልዮም ቀጻሊ. እናበርከቱ ይመጽኡ ኣለዉ። ዘቋርጽ ከማን ኣይመስሉን እዮም።

ሊቃውንቲ ክልተ ዓይነት ባህግታት ከም ዘለዉ. ይጠቕሱ፡ ገለ ባህግታት እወታውያን እዮም። ባህጊ ሓጐስ እንተልዩ፡ ኣብ ቅሉዕ ማሰመር ኣለኻ፡ ባህጊ ሰላም ክህልወካ ንበር እዩ። ባህጊ ወሃደትን ምሕዝኡት ዝመልኦን ዓለም ከተሕድር ጸቡይ እዩ። ገለ ካብ ደሌታት ኣመና ጠቓምቲ እዮም።

ይኹን እምበር፡ እናሓንሳእ ባህግታት ዘይርትዓውያን ዝኾኑሉ ኣጋጣሚ ኣሎ። እዚ. መብዝሕትኡ ግዜ ናብ ጸገም ከውድቐና ይኽእል። ንኣብነት፡ ናብ ዕዳጋ ክትከይድ እንተለኻ፡ ንባህግታትካ ምግራሕ የድልየካ እዩ። ከመይሲ. ኣብ ዕዳጋ ዝረኣኻዮ ኩሉ ክምስጠካ ይኽእል እዩ። እንተ መሲጡካ፡ ክትገዝኦ ክትወናወን ግድን እዩ።

ኣዕሚቕካ ምስ እትሓስበሉ፡ ኑየም ዝበሃጎዮም እንተ ሸሚትካዮም፡ ናብ ዝበኣሰ ጸገም ክትሸመም ከም እትኽእል ክስቁረካ ይጀምር። ምኽንያቱ ዝም ሕጂ ዝበሃጎዮም ኣቕሑ እንተ ሸሚትካዮም፡ ጁባኻ ክትተሃጎፍ ኢኻ። ጸባሕ ማሰረታውያን ዘድልዩኻ ነገራት ምስ ረኸብካ፡ ካበይ ኣምጺእካ ክትሽምቶም ትኽእል?

እናሓንሳእ፡ ባህጊ እወታዊ ደዩ ኣሉታዊ ምኽኑ፡ ኣብቲ ዘለኻሉ ኩነታት ወይ ሕብረተሰብ ይምርኮስ። ንኣብነት፡ ኣብ ገለ ሃገራት ወይ ሕብረተሰባት ዕለታዊ ህይወትካ ንምስላጥ ናይ ብሕትኻ ማኪና ክትህልወካ ግድነት እዩ። ክንዲ ዝኾነ ማኪና ክትውንን እንተ በሃግካ ጸገም የብሉን። የግዳስ ኣብ ሓንቲ ንእሹቶ ቁሸት እናነበርካ፡ ኣብ ዕለታዊ እንቅስቓስካ ንምርካብ ከማን ምሕረ እናተጸገምካ፡ ተለቂሕካ መዘወሪት ማኪና እንተ ገዚእካ፡ ኣብ ዝበኣሰ ጸገም ክትወድቕ ዘሎ ተኽእሎ ምሕረ ርሒብ እዩ።

ዋላ ኣብተን ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራት ኑታ ዘሎትካ ማኪና ጉዲፍካ ኣመና ክብርቲ ማኪና ክትገዝእ እንተለኻ፡ ኣብ ልዕሊ. ጉረባብትኻን መሳርሕትኻን ሕማቕ ስምዒት ከም ዝፍጠር ሊቃውንቲ ዘረጋገጽዎ ሓቂ እዩ። ንሰኻ ቤታ ምዕባለቲ ማኪናኻ ክትወናጨፍ እንተለኻ፡ ዝለዓለ ባህታን ስምዒት ዕጋበትን ይፈጥረልካ ይኸውን። እቶም ጉረባብትኻን መሳርሕትኻን ግዱ ናብ ዘይተደልየ ቅንኢን ካልእን ከምርሑ ይኽእሉ እዮም።

ካልእ መጕት ኸኣ ኣሎ። ርእሰ ዕግበት ንብዩኑ ንሓደ ባህጊ ወይ ተግባር እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ምኽኑ ክወሰኖ ኣይክእልን እዩ። ሓደ ቀታሊ. ሰብ ኣብታ ሰብ ዝቐትለላ ህሞት ልዑል ዕግበት ይሰምዖ ይኸውን። የግዳስ እዚ. ኑቲ ተግባር ከቶ ፍትሓዊ ክገብሮ ኣይክእልን እዩ።

ኩሎም እዮም ሕማቕ ተግባራት — ስርቂ፡ ሓሶት፡ ጾታዊ ዓመጽን ካልኦት እኪይ ተግባራትን — ብዩም ኣብታ ህሞት ምናልባት ልዑል ዕግበት ዝስምዖም ሰባት ዝፍጽሙ እዮም። እቲ መፈላለዩ ማስመር ኣብ መንጎ እወታውን ኣሉታውን ባህጊ ወይ ተግባር፡ ቀጻቢታዊ ዕግበት ብዛዕባ ዝህቦ ምኽኑን ዘይምኽኑን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እቲ ወጽኢት ኣብ መወዳእታ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ብዛዕባ ምኽኑን ዘይምኽኑን እዩ።

ንኣብነት፡ ዝያዳ ኣብ ክቡራት ንብረት ክትደሊ. እንክለኻ፡ እዚ. ኣብ ኣእምሮኣዊ ኣመለኻኽታ እተሰረተ እንተ ኾይኑ፡ ባህግኻ ቀጻሊ. ከም ዝዳርግ እዩ ዝዛበር። ካብኡ ኣብ መወዳእታ ናብ ጥርዚ. እቲ ደሌትካ ትበጽሕ፡ ናብ ኣንጻር ክውንነት ትመጽእ፡ ኣብቲ ጥርዚ. ምስ ረገጽካ ካብኡ ንኽሉ ተሰፊሑ ትኸሰር። ከም ሳዕቤኑ ግዳይ ቅዛነትን ካልእን ኲንካ ትተርፍ። እዚ. ሓደ ካብ ሓደገኛት ካብ ገለ ዓይነታት ባህጊ እዩ።

ደረቱ ዝሓለፈ. ባህጊ. እምበኣር ናብ ስስዐ ገጹ ክመርሓና ይኽእል እዩ። እቲ ጋዕ ዓይነት ባህጊ ኣብ ልዕሊ ዓቕን ትጸቢት እተሰረተ እዩ። ብልዕሊ. ዓቕን ስስዐ እተጐብአ ሰብ ከኣ ወዓሉ ሓደሩ ብጭንቀት፡ ብስምዒት ቅሬታ፡ ብማእሊያ ዘይብሎም ምውጅባርን ማእሊያ ዘይብሎም ጸገማትን ምውሓጡ ዘይተርፍ እዩ።

ብዛዕባ ስስዐ ሓደ ክዝርድኦ ዘለና ነጥቢ. ኣሎ። ምንጪ. ስስዐ ንሓደ ነገር ንምርካብ ወይ ንምጭባጥ ብእትገብሮ ባህጊ. እዩ ዝጀምር። የግዳስ እቲ ሕማቕ ነገሩ ዋላ ኑቲ ዝበሃጎዮ ምስ ጨበጥካዮ ፈጺምካ ዘይትዓግበሉ ምኽኑ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ስስዐ ደረት ኣልቦ ዓይነት እዩ። ዕምቈቱ ዘይፍለጥ ከማን እዩ። ከም ሳዕቤኑ እዩ እምበኣር፡ ናብ ክንወጽኦ ዘይንኽእል ዓዘቕቲ ዝሸምመና።

እቲ ኻልእ ሸነኽ ናይ ስስዐ፡ ዋላ እኳ እቲ ድርኺት ማጠሲ. ነጥቢ. ዕግበት ንምርካብ እንተኾነ፡ ዋላ ኑቲ እተበጸሖ ሸቶ ምስ በጻሕካዮ፡ መሊሱ ዘይዕግበት ከም ዝሰማማዓካ ስለ ዝዛበር እዩ።

እቲ ናይ ብሓቂ. መድሃኒት ስስዐ፡ ዕግበት ወይ ርወየት እዩ። ሓያል ስምዒት ርወየት እንተ’ልዩካ፡ ኑቲ ዝበሃጎዮ ነገር ርኽቦ ኣይትርከቦ ብዙሕ ዘገድስ ኣይኮነን። እቲ ምንታይሲ፡ ኑቲ ነገር ርኽቦ ኣይትርከቦ፡ ርወየትካ ኩሉ ሻብ ምሉእ ዘይጐዱል እዩ።

እምበኣር ንውሽጣዊ ዕግበትና ብኸመይ ኢና ክንጭብጦ እንኽእል። ክልተ ኣገባብት ኣለዋ። እቲ ሓደ ኣገባብ፡ ንፍሲ. ወከፍ ንደልዮን ንብህገን ምርካብ እዩ። እዚ. ማለት ማእሊያ ዘይብሉ ገዝኡ፡ ምዕቡል ኣብያቲ፡ ክቡራት ማካይን፡ ፍጹም መጻምድቲ፡ ፍጹም ኣካላት፡ . . . ምውናን እዩ። ደሌታትናን ባህግታትናን ከይተዓገሡ እንተ ተረፈ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ወይ ኣብ ዝተናውሐ ኣዝዩም ዘድልዩና ነገራት ክንረክብ ንኽእል ኢና። ኣቕዲምና ኑየም ዘድልዩና ዝመሰሉና ዝበሩ ብዘይመጻናዕቲ ሸሚትናዮም እንተ ጸሓፍና ግዱ ብዘይገዝዘበ ክንምጥፍሽ ንኽእል።

እቲ ኻልኣይን ዝሓሸን ኣገባብ፡ ንኹሉ ዘድልየና ኩይኑ ዝስመዓና ንኽንዓጥፍጥ ሃረምረም ዘይምባል እዩ። ኣብ ክንዲኡ ኣብቲ ድሮ ዝወነናዮ ዝያዳ ብምትኳር፡ ከይድንቕዎን ዝያዳ ከም ዘድልየና ምሕሳብን እዩ።

ጉዳይ ተዋስኣይ ክሪስቶፈር ሪቭ ብዙሕ ግዜ ይለዓል እዩ። ንሱ ብሰሪ ዘጋጠሞ ሓደጋ ኣብ ዓንዲ ሕቖኡ ከቢድ መጉዳእቲ እዩ ወሪድዎ። ከም ሳዕቤኑ ካብ ክሳዱ ንታሕቲ ኣካላቱ ምሉእ ብምሉእ እዩ ለሚሱ። ዋላ ዝ ንኸተንፍስ ብመሳርሒ. ቨንቲሌተር ተሓጊዙ እዩ ዘስተንፍስ።

ንሱ ብሰሪ ዘለዎ ሰንክልና እንታይ ዓይነት ቃዛት የሕልፍ ከም ዘሎ ዝምልከት ሕቶ ካብ ጋዜጠኛታት ቀሪቡሉ ነይሩ። ንሱ፡ “ኣብቲ ሓደጋ ዘጋጠመኒ እዋን፡ ኣብ ሆስፒታል ጽዑቕ ሕክምናዊ ክንክን ክገበረለይ እንከሎ፡ ንሓጺር ግዜ ሕልናይ ኣዕሪብ ነይረ። እዚ. ናይ ስምዒት ዕርበተ ሕልና እዋን፡ ብተዛማዲ. ቀልጢፉ እዩ ሓሊፉለይ። ኣብዚ. ሕጂ እዋን ንገዛእ ርእሰይ ከም ዕድለኛ እየ ዝቖጽሮ። እተባረኽት በዓልቲ ቤት ኣላትኒ። ፈቀርቲ ደቂ ኣለውኒ።

“ዘመናዊ ሕክምና ቀልጢፉ እዩ ዝምዕብል ዘሎ። ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንጉድኣት ዓንዲ ሕቖ ኣብ ምፍዋስ ክዕወት እዩ ዝብል እምንቶ ኣለኒ። . . . ኣብ ህይወት እቲ ቐንዲ ሓጋዚ ነገር፡ ናብ ዘሎካ ጸጋ ምምልካት ምኻኑ ተገንዚበዮ ኣለኹ። ሕጂ እንታይ ክትገብር ትኽእል ኣብ ዝብል ኩተ ተኩር ይግባእ። መጉዳእቲ ኣእምሮ ስለ ዘይብለይ፡ ዕድለኛ እየ። ክንዲ ዝኾኑ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣእምሮ ኣለኒ። ንኣእምሮይ ተጠቒመ ህዝቢ. ዓለም ኣብ ጉዳይ መጉዳእቲ ዓንዲ ሕቖ ዘለዎ ንቕሓት ክብ ኣብ ምባል ክሳተፍ እደሊ. እየ። ንኻልኦት ኣብ ምሕጋዝ ክሳተፍ እደሊ. እየ። ፊልምታት ኣብ ምድራስን ምእላይን ከማን ክዋፈር መደብ ኣለኒ። . . .” ኢሉ።

**“ንገዛእ ርእስኻ ኣኽብር ማለት ንስለ ሓጐስካ ተቓለስ ማለት እዩ።” - ኣይን ራንድ**

**“ንኽትሕጎስ ምሕረ ኣይትሰስዕ። ንኸይትጕሂ ምሕረ ኣይትፍራሕ።” - ላኦ ጹ**

ይቕጽል



### ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHT |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ቴራብ |
| 14:20 | FILM |
| 15:00 | ህርመት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ. ኣብ ማሰመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ኣቓልቦ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ስርሒት ባጽዕ 1985 |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

**Position**: Quality officer
**Department**: Construction
**Number Required**: 01
**Contract Type:** Indefinite
**Place of Work:** Debarwa/ Emba Derho Sites

**Major Duties and Responsibilities**

- Quality management, including preparation of weekly quality reports, review of subcontract quality documents, organization of quality documents, site quality management according to Eritrea specifications.
- Technical management, including preparation and reviewing of construction scheme and site technical control according to the requirements of Eritrea technical specifications.
- Do the drawing deepening work according to the approved design drawings.
- According to the requirements and habits of the construction technology and quality management in Eritrea, put forward suggestions for the quality and technical management of the project.
- Participate in various quality and technical meetings and take the minutes of the meetings.
- Other work related to the quality and technology.

**Qualification and Other Skills**

| | |
|---|---|
| ❖ Formal Education, Certifications or Equivalents | ❖ University graduate in Engineering Construction or related areas. |
| ❖ Working Experience – Nature & Length | ❖ More than five years work experience in Quality management. |
| ❖ Other skills and abilities | ❖ Proficient in using the CAD drawing software and office software.<br>❖ Good writing ability in engineering professional.<br>❖ Good communication and coordination skills.<br>❖ Responsible for the work, with a good teamwork ability. |

**General Information and Other Requirement**

- Place of Work: Asmara Project Sites (Debarwa/ Emba Derho)
- Salary: As per Company salary scale

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application; 05 days from the date of publication on the newspapers

**Address: Please mail your application to;**
Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

**Note to None Eritrean applicants:**
Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs,
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓደውሒ

ኣቦ በርሁ ኣቦይ በርሀ ተወልደመድህን ኣደይ ሰርጊት ሃብተን ስለ ዝዓረፉ፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ደረጋጺለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰሞሞ ዓዲ-ኳላ

ወ/ሮ ሚዛን ሃብተሚካኤል ገ/መድህን፣ ሓፍትና ወ/ሮ ሙብራት ሃብተሚካኤል ገ/መድህን ስለ ዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ለተብርሃን ሓገስ ምሕረትኣብ፣ ብዓል ቤተይ ክብርኣብ ገብረእግዚኣብሄር ስለ ዝተሰውኡ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓሰወለይ፣ ከምኡ ከኣ 5 ደቁ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጺሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ ፍ ይቕረብ።



### ምስጋና

ብሃንደበታዊ ማስዋእቲ ክቡር ብዓል-ቤተይ ኮ/ሎ ተኽስተ ገብረመድህን ቦኽሩ (ሽሬፎ) ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ብምኻድ ዘቃበርኩምና ኣብ ገዛና ብምምልላስ ካብ ወሻጥን ወጻኢ ሃገርን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ኩሉኹም ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ግደይ ዘርኡ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን



### ምስጋና

ብማስዋእቲ ኣዝዩ ዘኽብሮ ብዓል ቤተይ ገዳም ተጋዳላይ መጀር በየነ በርሀ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሓሚሙ ዝበጻሕኩሞን ምስ ዓረፈ ካብ ኣዲስ ኣበባ ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩምና ከምኡ'ውን ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ብዓልቲ፡ቤቱ ተጋ/ኣበባ በርሀ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራ-ቤትን

### ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ምስግና የውሃንስ ገብረሂወት በርሀን ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ነፍ ቀሺ. ግርማጼን ካሕሳይ ንግስቲ ግርማጼን +1ን ዝበረ ናይ ቤት ፍርዲ ብቁ/መዝ 012/2019 ብዕለት 11/03/2020 ዝሆ ትእዛዝ ኑቲ ኣብ ዞባ 4 ጎደና ደጀ/ዓንደም ቁ.ገዛ 8 ፓርሰል - ሎታ ቁ.21 ኣብ 78,70 ት/ሜ ዝተደኮነ ክልተ ቀንዲ ክፍሊ፣ ክልተ ሓገዝቲ ክፍሊ ዝሓዘ ኮይኑ፣ መጠነሲ ዋጋ 139,185.48 ናቕፋ ተገሚቱ።

ስለዚ ኣብቲ ዝገበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ 1/4 ናይቲ ዝተውሃበ ግምት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ በክ ወይ ድማ ብስም ፈ/ፍርዲ ሲፒኦ (CPO) ኣሰሪሑ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳደርቲ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፣ ክበጽሓ ዝደሊ መጠን ገዝዑብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ሓብሬታ ዝደሊ ኣብ ቁ/08 ቀሪቡ ይወከስ። ዝቃወም እንተሎ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፡-29/9/2023
ሰዓት ሓራጅ፡-3፡00-4፡00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፡- ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27
ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቅነ ስፖርት ሓይሊ ኣየር ፈሊሙ

ወሽጣዊ ስፖርታዊ ቅነ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ዝሓለፈ ሰሉይ ላዕለዎት ሰበስልጣን ኣብ ዝተረኽብሉ መጋረጃኡ ከፊቱ።

ኣብታ ዕለት፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ኝህቢን ክንፊን ተጋጢመን። ክንፊ፡ ሕርይቲ ጋንታ ሓይሊ ኣየር ክትከውን እንከላ፡ ኝህቢ ድማ፡ ናይ 34 ዘርያ ተጻወትቲ ዝጠርነፈት እያ። ኝህቢ ከኣ፡ ቀዲማ ኣብ መበል 12 ደቒቕ ካብ ኬቨን በረኸት ብዝመዝገበታ ሸቶ መሪሕነት ሓዚት። ክንፊ ብወገና፡ ንምምዕርራይ ብዝገበረቶ ጻዕሪ ኣብ መበል 44 ደቒቕ ስሊጡዋ ካብ ሳሙኤል ርእሶም እተመዓራርያ ሸቶ ኣመዝጊባ፡ ንዕረፍቲ ከአ 1ብ1 ወጺአን።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ኝህቢ፡ ዝበራ ወህደት መሊሳ ብምውሳኽ ንክንፊ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ከተእትዋ ኣይተጸገመትን። በዚ ከኣ፡ ኣኪታቲላ ኣብ መበል 56፡ 83ን 85ን ደቓይቕ ካብ የኤል ሸሻይ፡ ያሬድ ኣብርሃምን ኣሕመድ መሓመድን ብዘቐጸረተን ሸቶታት 4ብ1 ክትመርሕ ክኢላ። ይኹን እምበር፡ ክንፊ፡ ድሒራ ብምብርባር



ክልተ ሸቶታት ካብ ዳኒኤል ዓንደምን ማእከለ ተኽለማርያምን ኣቑጺራ - ውጽኢት ናብ 4ብ3 ኣጸቢባቶ። ዝተመደበ ግዜ ስለዝርከበ ግና፡ ካብ ስዕረት ኣይደሓነትን።

ኣብቲ ኢጋጣሚ፡ ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ኮሎኔል ኣብርሃም ዑቕባስላሴ ኣብ ዘስመዮ ሓጺር ቃል፡ እዚ ቅነ ብኽልቲኡ ጾታ ኣብ ኩዕሶ መርበብ፡ ሰከይት፡ እግሪ፡ ኣትለቲክስ፡ ጨሙተ ተኾስሲን ቅድድም ብሽክለታን ክካየድ ምዃኑ ሓቢሩ። 14 ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ክሳተፉ ምዃኖም ዝገለጸ ኮሎኔል ኣብራሃም፡ ብዙሓት ብሉጻት ስፖርተኛታት ክርከብሉ ተስፋ ከም ዘለዎ'ውን ኣረዲኡ።

## ካስትሮ፡ ሮናልዶ ዝበለጸ ተጻዋታይ . . .



ሓዲሽ ዓሰልጣኒ ክለብ ኣል-ነስር ሉዊስ ካስትሮ፡ ሓለቓ እታ ጋንታ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ - ጌና ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ተጻወትቲ ዓለም ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ፖርቱጋላዊ ዓሰልጣኒ ሉዊስ ካስትሮ፡ ንሩዲ ጋርሽያ ተኪኡ እዩ መዘኑት እዛ ጋንታ ተቐቢሉ ዘሎ። ኣብዛ ሓዳሽ ወቕቲ ስፖርት ከኣ፡ ምስ'ዚ ወዲ ሃገሩ ዝኾነ ድንቂ ተጻዋታይ ክሰርሕ ኣብ ምሹብሻብ ይርከብ። ምስ'ዚ CR7 ዝብል መጸውዒ ዘለዎ ተጻዋታይ ክሰርሕ ሓጎስ ከምዝስምዖ ዝገለጸ ካስትሮ፡ "ንቲ ዝበለጸ ተጻዋታይ ናይ ዓለም ክተሰልጥን ደስ ዝብል እዩ። ከምኡ'ውን ኑቶም ንዕኡ ዝስዕብዎ ተጻወትቲ ምዕላም ጸቡቕ እዩ።" ኢሉ። ካስትሮ፡ ናይዛ ጋንታ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ኣብ ዝተመዘዘ መዓልቲ'ውን፡ "ሮናልዶ ኣብ ጋንታኻ እንተሃሊዩ ብፍጹም ክትስዕቦ የብልካን። ንሱ ዝበለጸ ተጻዋታይ ዓለም እዩ - ሸቶ ምቑጻር ዘይቋርጽ ማሽን። ሮናልዶ፡ ብዘይ ናይ ዝኾነ ይኹን ስብ ሓገዝ፡ ነብሱ ባዕሉ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዘብጽሐ ተጻዋታይ እዩ።" ክብል ወዲስዎ ነይሩ እዩ።

ዝሓለፈ ዓመት ናብ'ዛ ስዑዳዊት ጋንታ ዝተጸምበረ ሮናልዶ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ይርከብ። ኣብዛ ሰሙን ግና፡ ኣብቲ ኣብ ሃገሩ ፖርቱጋል ዝዝብርዎ ናይ ምሕዝዛት ግጥም ንምጽዋት ክጽምበራ ምዃኑ ይግለጽ። ሮናልዶ፡ ወላ'ኳ፡ ኣብዛ ዝተዛዘመት ዓመተ ውድድር ኣብ ፍርቂ ዓመተ-ስፖርት ጀሚሩ ኣብ 19 ግጥማት 14 ሸቶታት እንተኣመዝገበ፡ ናይ ሊግ ይኹን ካልእ ዋንጫ ካብ ምዕታር ግና፡ ተዓንቂጹ እዩ።

ኣል-ነስር፡ ኣብዚ እዋን መሳርዓ ንምድልዳል ካብ ኤውሮጳ ተጻወትቲ ንምምጻእ ኣብ ትሰርሓሉ ዘላ ግዜ፡ ንኣከፋፊሊ ኢንተር ሚላን ማርሴሎ ብሮዞቪች ከምዝፈረመቶ ይፍለጥ።

## "ነቐፌታ ጓርድዮላ ከቢድ እዩ" ፍሊፕስ

ኣከፋፋሊ ማን ሲቲ ካልቪን ፍሊፕስ፡ ብበንዳይ ምውሳኽ ክብደት ኣካላቱ ካብ ዓሰልጣኒኡ ፐፕ ጓርድዮላ ዝመጸኦ ነቐፌታ፡ ንኽቕበሎ ከቢድ ምንባሩ ተዛሪቡ።

ፍሊፕስ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ብ45 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሊድስ ናብዛ ማንቸስተራዊት ጋንታ ምስ ልዑል ትጽቢት ምጽምባሩ ይዝከር። እንተኾነ፡ ኣብ ቀዳሞት ኣዋርሕ እታ ወቕተ-ስፖርት ብሰንኪ መጉዳእቲ ክጋደል እዩ ተቐሲቡ። ኣብ ወርሒ ሕዳር ናብ ዋንጫ ዓለም 2022 ንሃገሩ እንግሊዝ ክጻወተላ ቅድሚ ምኻዱ ከኣ፡ ኣርባዕተ ግጥማት ጥራይ እዩ ኣሲቲ ወኪሉዋ።



ብዕብኡ ግና፡ ካብ ዋንጫ ዓለም ድሕሪ ምምላሱ፡ ሚዛን ሰብኑቱ ከምዝወሰኸ ዓሰልጣኒኡ ጓርድዮላ ኣብ እዋኑ ተዛሪቡ ምንባሩ ይፍለጥ። ኣብቲ ኣንጻር ሊቨርፑል ዝገበርዎ ናይ ካራባኦ ካፕ ጸወታ ከኣ፡ ብሰረቲ ሒዝዎ ዝበረ ኣቃውማ 'ክጻወት ኣይብቕዖን' ኢሉ ከምዝቐሰሎ ይዝከር።

ፍሊፕስ ብዛዕባ'ዚ ክዛረብ እንከሎ፡ "ኣነ ልዕሊ ሚዛን ኣይነበርኩን። እንተኾነ፡ እቲ ኣሰልጣኒ (ንጓርድዮላ እዩ) ብኣዝዩ ዝተፈለየ መገዲ ከምዝረኣዮ ርዱእ እዩ።" ኢሉ። ምስ ርእይቶ ጓርድዮላ ከምዘይሰማማዕ ዝገለጸ ወዲ 27 ዓመት ፍሊፕስ፡ "ግልጺ ኮይነ ክዛረብ እንተኾይነ፡ እቲ ርእይቶ ክትቅበሎ ቁሩብ ክብድ ዝበለ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ሰብት ብዛዕባ ልዕሊ ሚዛን ክዛረቡ ስለ ዝጀመሩ። እንተኾነ ካብቲ ሽዑ ጀሚረ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸወታ ብቑዕ እየ ነይረ።" ብምባል፡ ወላ'ኳ፡ ምስ ርእይቶ ዓሰልጣኒኡ ከምዘይሰማማዕ እንተገለጸ፡ ናብ ብቑዓት ከምስስ ኣብርሂ ከምዝሰርሐ ይዛረብ። ቅድሚ ዋንጫ ዓለም ኣርባዕተ ግጥማት ጥራይ ሚልያ ጋንታኡ ዝለበሰ ፍሊፕስ፡ ካብ'ቲ ግዙፍ ውድድር ድሕሪ ምምላሱ ግና፡ 17 ግዜ ኣብ ሜዳ ተራእዩ እዩ።

ብተወሳኺ፡ ካልቪን፡ ኣብ'ዛ ዝተጋደለላ ወቕቲ ካብ ወዲ ጋንታኡን ሃገሩን ጃክ ግሪሊሽ ሓገዝ/ምኽሪ ከምዝተቐበለ ይዛረብ። በዚ ከኣ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ዓመት ኣብ ማን ሲቲ ኣብ ትሕቲ ጓርድዮላ ምስልጣን ከቢድ ምዃኑ ክርዳእ ከምዝኸኣለ ይገልጽ። እዛ እትመጽእ ሓዳሽ ወቕቲ ድማ፡ ዝበለጸት ክትኮኖ ተተስፍዩ ምህላዉ ሓቢሩ።

ጃክ ግሪሊሽ፡ ቅድሚ ፍሊፕስ ክብረ-ወሰን እዛ ጋንታ ብዝሰበረ መሰርሕ ናብዛ ጋንታ ምጽምባሩ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ዓመቱ ሕማቕ እዋን ከምዝሕለፈን ጉዳይ ነቐፌታ ከምዝገጠሞን ይዝከር። ኣብዛ ሲቲ ስሉሳዊ ዓወት ዝሰኣለትላ ወቕቲ 2022-23 ግና፡ ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትቲ ብምዃኑ ልዑል ተራ ተጻዊቱ እዩ።

## ነገረ ምባፐ


ፈረንሳዊት ክለብ ፒኤስጂ፡ ኣጥቃዓይ ኪሊያን ምባፐ፡ ኢጋጠምዎ ዝሎ ጉዳይ ውዕል እንተዘይፈቲሕዎ፡ ኣብዛ እትመጽእ ዘላ ዓመተ-ስፖርት ካብ ደገፍቲ ተጻባኢ ግብረ-መልሲ ኪጋጥሞ ከምዝኽእል ሰግኣታ ገሊጹ።

ምባፐ፡ ምስ'ዛ ጋንታ ዝኣተዎን ኣብ ሰነ 2024 ዘብቅዕን ውዕል ከምዝጸሐደሶ ዝሓለፈ ወርሒ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ዛዕባ ማሰርሕ ምስግጋሩ ኮይኑ ምህላዉ ይፍለጥ። ብዕብኡ ከኣ፡ ሰሙ ምስ ማድሪድ ተኣሳሲሩ ይጽዋዕ ኣሎ። ይኹን እምበር፡ ብዛዕባ ምስግጋሩ ኣብ ዝኣቶ መግለጺ፡ ውዕሉ ከምዝጸሐድስ እምበር፡ 'ኣብ'ዛ ክረምቲ ክወጽእ እደሊ እየ' ከምዝይበለ ኣዘኪሩ እዩ።

ብመንጽሩ፡ ፒኤስጂ፡ ኣብዛ ወቕቲ ተጠቒማ ንዓመታ ብናጻ ክትለቅቶ ድሌት ከምዘይብላ ይሕበር። በዚ ከኣ፡ ፕረዚደንት እዛ ጋንታ ናስር ኣል-ከላፊ፡ "ምባፐ ክጸንሕ እንተደልዩ መርሓብ - ንሕና'ውን ክጸንሕ ኢና ንደልዮ። እንተኾነ፡ ሓዲሽ ውዕል ክፍርም ኣለዎ። ንሕና'ዚ እዋን ዝበለጸ ተጻዋታይ ዓለም ብናጻ ክንለቕ ኣይንኽእልን ኢና። ብፍጹም ኣይክውንን እዩ።" ክብል 'ወይ ፈርም ወይ ኣብዛ ወቕቲ ውጻእ' ዝስምዕ ዘረባ ተዛሪቡ ነይሩ እዩ።

ክንዮ'ዚ ግና፡ ምባፐ፡ ዝሓለፈ ሰሙን "ንፒኤስጂ ምጽዋት ብዙሕ ኣይጠቕምን እዩ ማስለኒ። ምኽንያቱ፡ መቓቓሊት/ፈላላዪት ክለብ ስለዝኾነት" ድሕሪ ምባሉ፡ ንደቂ ጋንታኡ ከምዝቖጥዖ ይግለጽ። ገለ ተጻወትቲ እዛ ጋንታ'ውን፡ ናብ ኣል-ከላፊ ደብዳበ ብምጽሓፍ "እዚ ዘረባ ንፒኤስጂ ጸርፊ" እዩ ከምዝበልዎ ምንጨታት ይሕብሩ። በዚ ድማ፡ ፒኤስጂ፡ ምናልባት ምባፐ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ ንደገፍቲ እዛ ጋንታ እንተዘየረጋግእዎም፡ ኣብዚ ሓዲሽ ወቕቲ (ውዕል ከይፈረመ እንተጸኒሑ እዩ) ካብቶም ደገፍቲ ተጻባኢ ኣቀባብላ ኪጋጥሞ ከምዝኽእል እያ ኣሚታ ዘላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዳይረክተር ስፖርት እዛ ጋንታ ዝነበረ ሊዮናርዶ፡ "ፒኤስጂ ቅድሚ ምባፐ ነይራ ድሕሪኡ'ውን ክትህሉ እያ። ንሱ፡ ኣብዛ ጋንታ ሸዱሽተ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ኣብዚ መቓን ግዜ ከኣ፡ ንሱ ዘይብለን ዝተፈላለያ ሓሙሽተ ክለባት ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣልዒለን ኣለዋ። እዚ ማለት፡ ብዘይ ብእኡ'ዚ ውድድር ክትዕወተሉ ይከኣል እዩ። ስለ'ዚ፡ ከምዝመስለኒ ንጸቡቕ ፒኤስጂ ምባፐ ዝወጸሉ ግዜ መጺኡ ኣሎ።" ክብል ተዛሪቡ።



## መደብ ጸወታ

ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ትሕቲ 23 ዓመት

ሎሚ

ንደረጃ

ሰ/ቀ/ባሕሪ - ላ/ት/ትምህርቲ (ደቂ ኣን) 7፡00 ቅ.ቀ

ደቡብ - ላ/ት/ትምህርቲ (ደቂ ተባ) 9፡00 ቅ.ቀ

ንፍጻመ

ደቡብ - ማእከል (ደቂ ኣን) 1፡00 ድ.ቀ

ማእከል - ዓንሰባ (ደቂ ተባ) 3፡45 ድ.ቀ

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?



* ቶተንሃም፡ ንእስራኤላዊ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ሻኪታር ዶነስክ - ማናር ሰሎሞን ኣፈሪሙቶ። ኣብዛ ዝሓለፈት ወቕቲ ብልቓሕ ምስ ፉልሃም ዝተጻወተ ሰሎሞን፡ ኣብ 24 ግጥማት ክሰለፍ እንከሎ፡ ሓሙሽተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ውጽኢታዊት ወቕቲ ኣሕሊፉ እዩ። እዚ ብናጻ ናብዛ ለንደናዊት ክለብ ዝተጸምበረ ወዲ 23 ዓመት ተጻዋታይ፡ ንሓሙሽተ ዓመታት ከገልግላ ፒርን ወረቐትን ኣራኺቡ ኣሎ።

ሰሎሞን፡ ድሕሪ ክሊሱቨሰኪ (ብልቓሕ መጺኡ ብቐዋሚ ተጸምቢሩ ኣሎ)፡ ሓላዊ ልዳት ቪካሪዮን ጀምስ ማዲሶንን ናብዛ ጋንታ ዝተሰጋገረ ራብዓይ ተጻዋታይ ኮይኑ ኣሎ።

* ተኸላኻሊ ቸልሲ ዳቪድ ዳትሮ ፎፋና፡ ንሓደ ዓመት ብልቓሕ ምስ ዩኒዮን በርሊን ፈሪሙ። ቸልሲ፡ ዝሓለፈ ዓመት ብዘተጋሃ መሰርሕ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ክትገዝእ እንከላ እያ፡ ነዚ ኣይቮሪያዊ ኣብ ወርሒ ጥሪ ካብ ሞልደ ኣፈሪማቶ። ይኹን እምበር፡ ክንዮ ሰለስተ ግጥማት ክወትሎ ኣይከኣለን - ፎፋና።

* ኤሲ ሚላን፡ 20 ሚልዮን ፓውንድ ንዘወድአ መሰርሕ ምስግጋር ኣጥቃዓይ ቸልሲ - ክሪስቲያን ፑሊሲች ኣብ መፈጸምታ ንምብጻሕ ከም እተቓረበት ተቓሊሑ።

እዚ ኣብ 2019 ብ57.6 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ቦሩሽያ ዶርቱመንድ ናብዛ ለንደናዊት ክለብ ዝተጸምበረ ተጻዋታይ፡ ኣብዛ ሰሙን ሕክምናዊ መርመራ ክገብር እዩ - ኣብ ከተማ ሚላን። እዚ ውዕል ኣብ መፈጸምታ ምስ በጽሐ ከኣ፡ ምስቲ ኣብ ቸልሲ ወዲ ጋንታኡ ዝነበረ ዝሓለፈ ሰሙን ናብዛ ኢጣልያዊት ክለብ ዝተጸምበረ ሩበን ሎፍተስ-ቺክ ደጊሙ ክራኸብ እዩ። ብሜልያ እዛ ጋንታ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብ 2021 ዘልዓለ ፑሊሲች፡ ኣብ 145 ግጥማት 26 ሸቶታት ኣመዝጊቡላ እዩ።

ቸልሲ፡ ኣብዚ እዋን ካብ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ኣብ ምፍናው እያ እትርከብ። ዛጊት ከኣ፡ ሃቫርትዝ፡ ኮቫቺች፡ ማውንት፡ ኣዚፑሊኬታ፡ ኩሊባሊ፡ ካንተን መንዲን ናብ ዝተፈላለያ ክለባት ኣፋንያ ኣላ።

* ሓላዊ ልዳት ባየር ሙኒክ ማኑኤል ኖየር፡ ድሕሪ ናይ ልዕሊ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ናይ ተሃድሶ ግዜ ትማሊ ንፈለማ ግዜ ልምምድ ምግባሩ ናይ ጀርመን ምንጨታት ሓቢሮም። እዚ ወዲ 37 ዓመት ብሉጽ ሓላዊ ማዕጾ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ታሕሳስ ኣብ በረድ እናሸራተተ እንከሎ ድሕሪ ምውዳቑ እዩ ኣብ እግሩ መንቃዕቲ ኣጋጢምዎ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## “ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ፡ ኣብ ኮንትሮባንድ ንዝተዋፈራ መራኽብ ይተሓባበር ኣሎ” ኢራን

ኣብ ባሕረይን ዝመደበሩ ብ ‘ሓሙሻይ ጭፍራ መራኽብ’ ዝፍለጥ ኣሃዱ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ፡ “ነዳዲ ካብ ማእከላይ ምብራቕ ብኮንትሮባንድ ኣብ ምስግጋር ንዝተዋፈራ ዘይሕጋውያን መራኽብ ይተሓባበር ኣሎ” ክብሉ ወተሃደራውያን ሰብ-መዚ ኢራን ከሰሱ።

ሓደ ካብ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሓይሊ ባሕሪ ኢራን ዝኾነ ኣድሚራል ራማዛን ዘራሂ፡ ብሰኑይ ንወኪል ኣገልግሎት ዜናታ ሃገር (ታስኒም) ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሰራዊት ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን፡ ነተን ኣብ ዘይሕጋዊ ንጥፈት ዝተዋፈራ መራኽብ ንኽይሕዝን፡ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ብዙሕ ዕንቅፋታት ንምፍጣር ክፍትን ምጽንሑ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ “ዝሓለፈ 6 ሓምለ፡ ኣባላት ሰራዊት ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን፡ ነዳዲን ጋዝን ካብ ኢራን ብኮንትሮባንድ ተሰጊሮ ንዝነበረት ‘ናዱ-2’ ዝተሰምየት መርከብ - ኣብ ወሽመጥ ፋርስ ዓጊቶም ክፍትሽዋ ኣብ ዝተበገሱ እዋን፡ ኣመሪካውያን ኣዝዩ ሓደገኛን ሞያዊ ዘይኮነን ኣገባብ ተጠቒሞም ነታ መርከብ ከድሕንዋ ፈቲኖም” ኢሉ።



ኣሰዒቡ እውን፡ “ኣባላት ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን ናብታ መርከብ ምስ ደየቡ፡ ካፕተይን ናይታ መርከብ ምስ’ቲ ኣብ ባሕሪን ዝርከብ ናይ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ መኣዘዚን መቆጻጸርን ማእከል ብሬድዮ ክዘራረብ እንከሎ ጠለፍምዎ” ኢሉ።

ብመሰረት እቲ ኣድሚራል፡ ኣመሪካውያን ኣብቲ ብሬድዮ ዝሕልፉዎ ዝነበሩ መልእኽቲ፡ እቲ ካፕተይን ንሞተረ ናይታ መርከብ ቀልጢፉ ከጥፍኣን ክሳብ ሄሊኮፕተር መጺኣ እተድሕኖ ክጸበን ክምዝለዎ ዝኣዝዝዎ ነይሮም።

ከም’ቲ ዝበሉዎ ድማ፡ ድሕሪ ሓደት ደቓይቕ ክልተ ነፈርቲ ውግእ ሓንቲ ናይ ስለያ ነፋሪት፡ ክልተ ሄሊኮፕተር፡ ከምኡ ድማ ሓንቲ ድሮንን ብርክት ዝበለ ናይ ከለላ ጀላቡን መጺኦን ኣብ ከበቢ’ታ መርከብ ዘንበያ።

የግዳስ እቲ ካፕተይን ይኹን ነታ መርከብ ካብ ቀይዲ ከድሕናኣ ከምዘይክኣላ እዩ እቲ ኢራናዊ ወተሃደራዊ ብዓልስልጣን ዘረድኤ።

እታ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ሰራዊት ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን ዝኣተወት መርከብ፡ ጥንፈራ ሕ.ኢ.ዓረብ ተንበልቢል ዝበረት ኩዩናዊ ጸዓናዮ ዝበረት ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ሊትሮ ነዳዲ ብምልኡ ከምእተሃገረ ማዕከናት ዜና ኢራን ገሊጸን።

እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሓለዋ ባሕሪ ኢንዶኔዥያ፡ ዋንነት ኢራን ምዃና ዝገለጸ ዓባይ ናይ ጽዕነት መርከብ፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ነዳዲ ዘይቲ ተዋፊራ እንከላ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዘእተዋ ትማሊ ሰሉስ ኣፍሊጡ።

እታ መርከብ ነቲ ጸዓናዮ ዝበረት ዋጋ 304 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ነዳዲ፡ ኣብ ከባቢ ማያት ኢንዶኔዥያ ናብ ካልእ መርከብ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ክተሰጋግሮ እንከላ እያ ብሓለዋ ባሕሪ’ታ ሃገር ተታሒዛ - ብመሰረት ሮይተርስ።

## ፓኪስታን፡ ካብ ሰዑዲ-ዓረብ ፊናንሲያዊ ሓገዝ ረኺባ

ፓኪስታን፡ ካብ ንግስነት ሰዑዲ-ዓረብ ናይ 2 ቢልዮን ዶላር ፊናንስያዊ ሓገዝ ከምእተቐበለት፡ ሚኒስተር ፋይናንስ’ታ ሃገር ትማሊ ሰሉስ ገሊጹ።



ፓኪስታን ካብ ሰዑዲያ ፊናንስያዊ ሓገዝ ትረኽብ ዘላ ቦርድ ኣህጉራዊ ማሕበር ገንዘብ (IMF)፡ ነቲ ካብ ኣስላማባድ ቀሪቡሉ ዘሎ ናይ 3 ቢልዮን ዶላር ልቓሕ - ሎሚ ረቡዕ ክጽድቖ ትጸቢት ኣብ ዝገበረሉ ዘሎ እዋን’ዩ።

ሰዑዲያ ነቲ ገንዘብ ድሮ ናብ ማእከላይ ባንክ ፓኪስታን ኣሰጋጊራቶ ከምዘላ ዝጠቐሰ ሚኒስተር ፋይናንስ ዒሻቕ ዳር፡ “ብስም ቀዳማይ ሚኒስተርን ኣዘዝ ሰራዊትን ፓኪስታን፡ ነታ ናይ ነዊሕ እዋን መሓዛና ዝኾነት ሰዑዲያ ከመስግን እደሊ” ክብል ምስጋናኡ ገሊጹ።

ኣሰዒቡ ድማ፡ ፓኪስታን በቲ ካብ ሰዑዲያ ረኺባቶ ዘላ ሓገዝን ካብ ኣህጉራዊ ማሕበር ገንዘብ ክዋሃባ ትጽበዮ ዘላ ልቓሕን ተሓጊዛ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ’ዚ ወርሒ’ዚ፡ ንመጠን ኣብ ካዝናኣ ዝርከብ ቅሙጥ ናይ ወጻኢ ሸርፊ - ናብ 15 ቢልዮን ዶላር ክብ ከተብሎ ምኳና ሓቢሩ።

ፓኪስታን ኢኮኖሚኣ ብዙሕ ልዑል ናህሪ ዋጋታት ሃለኽቲ ነገራት፡ ኣብ ቁጠባኣ ተኸሲቱ ዘሎ መጠን ዝቕባ 29% በጺሑ ከምዘሎ እዩም ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ዘመልክቱ።

እዚ እናኾነ ግን እቲ ብቐዳማይ ሚኒስተር ሸሕባዝ ሸሪፍ ዝምራሕ ልፍንታዊ መንግስቲ፡ ቅድመ-ኩነታዊ ጠለባት ኣህጉራዊ ማሕበር ገንዘብ ንምምላእ ክብል - ኣብ መስርሮ ህዝቢ ተወሳኺ ሰቓይ ዝፈጥሩ ስጉምቲታት ንምውሳድ ተዳልዩ ምህላዉ እዩ ዝነገረሉ።

## ጀርመን፡ ‘ኣብ ዩክሬን ታንኪታት ዘፍሪ ፋብሪካ ክኸፍት እየ’ ትብል

ኣብ መፍረ ኣጽዋር ዝጠጥፍ ‘ራይንሜታል’ ዝተባህለ ኩባንያ ጀርመን፡ ኣብ ውሽጢ’ዚን ዘሎ 12 ሰሙን ኣብ ዩክሬን ዘመናውያን ታንክታት ዘፍሪ ፋብሪካ ክኸፍት ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ‘ሪሻ ቲደይ’፡ እቲ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ዩክሬን ዝደኮን ፋብሪካ ስራሑ ምስ ጀመረ፡ ዓመታዊ 400 ‘ፓንተር’ ዝተባህላ ታንክታት ከፍሪ ምዃኑ እዩ - ዋና ፈጻሚ ስራሕ ናይ’ቲ ኩባንያ ኣርሚን ፓፐርጀር ሓቢሩ ዘሎ።

እንተኾነ፡ ሩሲያ ነቲ ኣብ ዩክሬን ክደኮን ዝሕሰብ ዘሎ ፋብሪካ - ብሚሳይል ወቒዓ ከተዕኑዎ ምዃና ተጠንቂቕ ምህላዋ እዩ ዝገለጸ።

ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ዩክሬን ንዝርከብ ወተሃደራዊ ዒላማታት ብድሮናትን ክሩዝ ሚሳይላትን ብተደጋጋሚ ትድህብድብ ዘላ ፌደረሽን ሩሲያ፡ ብሓይሊታት ምዕራብ ናብ ዩክሬን ንዝለኣኽ ኣጽዋር ይኹን ወተሃደራውያን ተሽከርከርቲ ከተዕኑዎ ሕጋዊ መሰል ከምዘለዋ እያ እትሕብር።

በዚ ድማ፡ እቲ ብኩባንያ ራይንሜታል ኣብ ዩክሬን ዝደኮን ፋብሪካ መፍረ ታንክታት፡ ካብ ዒላማ መጥቃዕቲ ሞስኮ ዘምልጠሉ ምኽንያት ከምዘይህሉ፡ ምክትል ኣቦ-መንበር ቤት-ምኽሪ ድሕነት ፌደረሽን ሩሲያ - ድሚትሪ መድቨደቭ ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት ኣጠንቂቑ ምንባሩ ይዝከር።

ንሱ ኣብቲ ብማሕበራዊ መራኸቢ ኣቢሉ ዝሕለፎ መጠንቀቕታ፡ “እንተድኣ ጀርመናውያን ንመደበም ኣብ ዩክሬን ከተግብሩዎ ፈቲኖም፡ ፌደረሽን ሩሲያ ብጦማቲታትን ሚሳይላትን መርሓብ ኢላ ክትቕበሎም እያ” ክብል ገሊጹ ነይሩ።

እንተኾነ፡ ሓላፊ ናይቲ ኩባንያ ንማዕከን ዜና ሲ.ኤን.ኤን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኩባንያ ራይንሜታል ነቲ ብኣስታት 200 ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት ዝደኮኖ ፋብሪካ - ካብ መጥቃዕቲ ፌደረሽን ሩሲያ ክከላኸሉ ምዃኖም ሓቢሩ። ብኸመይ ኣገባብ ይከላኸሉ ግን ዝሃቦ ዝኾነ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣይነበረን።



## “ፕረዚደንት ቱርኪ ንሕቶ ሸወደን ክድግፍ ተሰማሚዑ” ኔቶ



ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይፕ ኤርዶጋን፡ ሸወደን ኣባል ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ንምዃን ኣቕሪባቶ ዘላ ሕቶ ክድግፍ ከምእተሰማምዐ፡ ዋና-ጸሓፊ ናይቲ ኪዳን ጀንስ ስቶልተንበርግ ኣፍሊጡ።

እቲ ዋና-ጸሓፊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ፕረዚደንት ኤርዶጋን፡ ንሕቶ ሸወደን ናብ ሃገራዊ ባይቶ ቱርኪ ክሕልፎ ተሰማሚዑ ከምዘሎ ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት ኣብ’ዚ ስምምዕ’ዚ ክበጽሕ ዝኸኣለ፡ ኣብ ሊትዌንያ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ዓመታዊ ዋዕላ መራሕቲ ኔቶ፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ሸወደን ኡልፍ ክሪስተርሶን ተራኺቡ ድሕሪ ምዝርራቡ እዩ።

ኤርዶጋን ብሰኑይ ናብ ሊትዌንያ ቅድሚ ምብጋሱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቱርኪ ንሕቶ ሸወደን ክትድግፎ እንተድኣ ኮይና፡ ሕብረት ኤውሮጳ ንቱርኪ ክቕበላ ከምዘለዎ ገሊጹ ነይሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ቱርኪ ናብ ሕብረት ኤውሮጳ ንምጽንባር፡ ኣብ ኣፍደገ እቲ ሕብረት ደው ኢላ ንልዕሊ 50 ዓመታት ብጽሞና ክምእተጸበየት ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ሕጂ ግን እቲ ሕብረት ማዕጾኡ ክርሕወላ እዋኑ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

መንግስቲ ቱርኪ፡ ሸወደን ንብዙሓት ኣባላት ናይቲ ‘ኣሸባሪ’ ዝበሎ ዕጡቕ ተቓዋሚ (ፒ.ከይ.ከይ) ተዕቑብ ከምዘላ ብምኽንያት ነቲ ናብ ኔቶ ንምጽንባር ከቕርቦ ዝጸንሐት ሕቶ ክቃወሞ እዩ ጸኒሑ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ሓንቲ ሃገር ኣባል ኔቶ ክትከውን እንተድኣ ኩይና፡ ብኹለን ኣባላት ናይ’ቲ ወተሃደራዊ ኪዳን ተቐባልነት ክትረክብ ኣለዋ።

ሸወደን ነቲ ንልዕሊ 200 ዓመታት ዝተኸተለቶ - ኣብ ግዜ ውግእ ምስ ዝኾነ ወተሃደራዊ ኪዳን ናይ ዘይምውጋንን ዘይምጽንባርን ፖሊሲ ብምግዳፍ፡ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ኔቶ ንምጽንባር ብወግዒ ሕቶ ምቕራብ ዝርሰዕ ኣይከኣለትን።

ሸወደንን ፊንላንድን ምስ ኔቶ ንምጽንባር ዝወሰዳኦ ስጉምቲ፡ ቅድሚ ሎሚ ርእየናኦ ዘይፈልጣ ከቢድ ጸጥታዊ ስግኣት ከኸትለለን ምዃኑ’ያ ሩሲያ ተጠንቂቓ ዘላ።

## “እስራኤል፡ ልዕሊ 800 ሽሕ ፍልስጤማውያን ኣሲራ” ው.ሕ.ሃ.



እስራኤል፡ ኣብቲ ብሓይሊ ገቢጣ ዝሓዘቶ ግዝኣት ፍልስጤም፡ ካብ 1967 ኣትሒዛ ካብ ልዕሊ 800 ሽሕ ፍልስጤማውያን ኣብ ማሕቡስ ከምዝዳጎነት፡ ሕቡራት ሃገራት ኣፍሊጡ።

ፍልይቲ ልኡኽቲ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ፍልስጤማውያን - ፍራንቸስካ ኣልባኒዝ ብሰኑይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ካብ’ቶም ብእስራኤል ዝተኣሰሩ ፍልስጤማውያን፡ ብዓሰርተታት ሽሕ ዝቑጸሩ ቆልዑ ከምዝርከቡዎም ድሕሪ ምጥቃስ፡ ሕጂ’ውን እንተኾነ ኣብ ኣብያተ-ማሕቡስ እታ ሃገር ገና 160 ቆልዑ ዝርከቡዎም ልዕሊ 5 ሽሕ ፍልስጤማውያን ተዳጒኖም ከምዘለዉ ገሊጹ።

ኣስታት 1000 ዝኾኑ ካብኣቶም፡ ብዘይ ዝኾነ ክሲን ፍርዲን ተኣሲሮም ከምዝርከቡ፡ እታ ብዓልቲ-ስልጣን ወሲኻ ሓቢራ።

በዚ ምኽንያት ድማ፡ እስራኤል ንግዝኣት ፍልስጤም ናብ ካንሸሎ ዘይብሉ ቤት-ማእሰርቲ ለዊጣቶ ከምዘላ ከሲሳ።

እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን እትፍጽሞ ዘላ ቅትለት፡ ማእሰርቲን ምስርጋይን - ምስ ኣህጉራዊ ገበናት ዝዳረግ ምዃኑ ዝገለጸ ሕቡራት ሃገራት፡ እቲ ጉዳይ ብኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ብቕልጡፍ ክምርመር ከምዘለዎ ከተሓሳስብ ጸኒሑ እዩ።

ሕቡራት ሃገራት ብዘይካ’ዚ፡ ኣብቲ እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገምገም እትሃንጾ ዘላ ዘይሕጋዊ ሰፈራታት፡ ገለ ኩባንያታት ኣመሪካ፡ ብሪጣንያ፡ ኔዘርላንድስ፡ ፈረንሳ፡ ስጳኛን ላክሰምበርግን ምስ ኩባንያታት እስራኤል ተሻሪኸን ይሰርሓ ከምዘለዋ’ዩ ዝገልጸ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሪሻም | 12/7/2023 | ጎደና ተጋደልቲ ቁ. 20፡ ጥቓ ፋብሪካ ምስማር (ጎዳይፍ) | 181048 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services